# ቃለ መሕትት ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ



ብኢጋጣሚ ስርሐት ፈንቅልን፡ ሓደሽ ዓመትን፡ ፕረዚዳንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ማእከናት ዜና ኤርትራ ሰፊሕ ቃለ መጠይቕ ኣካይዱ።

ምስ ፕረዚዳንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተገብረ ምሉእ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ቃለ መጠይቕ ብዘዕባ፡ - ህልወትን ታት ኤርትራ፣ ቁጠበዊ፣ ማህበራዊ፣ ባህላወን ፓለቲካዊ ፕሮግራምት ኣብ ወሽጥን ደገን ዝምልከት እዩ።

ኣብ2014 ኣብ ዝሰርሓሉምዘለወን ኣብ መደብ ተታሓዚ ምዘለወን ሰፊሕን ዓመቕን መግለጺ ተኻይዱ።

'' ዝኾነ :ናይ ቁጠባ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ፖለቲካዊ ፕሮግራማት፡ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝካየዱ ንጥፈታት ናይ'ቲ ግንባር ምሕያል እንተ ዘይሃልዩ ዝኾነ ስራሕ ክሰራሕ ኣይከኣልን''

“ በብገጻቱ ክትግበር ተታሒዙ ዘሎ መደባት ኣባይቲ፡ ኩሉ ነዛ ሃገር ዝሰርሐ ዜጋ ገዛ ክም ዝህሉዎ ንምግባር ዝዓለመ’ዩ ”

“ ኣብ ናይ ወያነ ሓሽውየ ህዝባዊ ርክባት ግዜና እንተ ዘየጥፋእና ይሓይሽ ”

" ጎደቦኻ ምንባብን ግዜ ጽቡቕ ገይርካ ምርኣይን ኣገዳሲ’ዩ። ብደረጃ ዓለም ዝመጽእ ዘሎ ለውጥታት ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ብስምዒት ዘይኮነ ብወግዓዊ መንገዲ ጽቡቕ ገይርካ ክተንብቦም ክትክእል ኣለካ"

“ምምሕዳራዊ ዳግመ ውደባ ክሳብ መፋርቕ 2014 ክዛዘም’ዩ”

ሰናይ ንባብ፡

***

**ክቡር ፕረዚደንት እንቋዕ ናብ ሓድሽ ዓመት 2014 ኣሰጋገረና። ሓድሽ ዓመት ትግባረ ዓመታዊ መደባት ዝጅመረሉ ግዜ ከም ምዃኑ መጠን ሕቶታትና ብቐንዱ ናብ መጻኢ መደባት ብፍላይ ድማ ናብ መደባት 2014 ዝቐንዐ እዩ ክኸውን። ምስ ኩነታት ዝናብ ተኣሳሲሩ ምህርቲ ዝሓለፈ ክራማት ኣዕጋቢ ከምዘይነበረ ዝፍለጥ እዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ እውን ኣብ ዓመታዊ ኣኼባኡ ዝገምገሞ ንሱ እዩ። ትሕጃ መግቢ ንምስሳን ኣብ 2014 ዝተታሕዘ ሕርሻዊ ውጥን ብዝምልከት እንታይ ሓበሬታ ትህበና?**

- ብፍላይ ኣብ ዝናብ ምስ ናትና ዓመት ዓመት ዝረአ ባህርያዊ ክሊማዊ ምግልባጣት፡ ውሑስ ዓቐንን ዝርግሐን ናይ ዝናብ ስለ ዘየለ፡ ኣብ ውሕስነት መግብን ሕርሻዊ መደባትን ዓመት ብዓመት ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ዓዓመት ‘ክራማት ብርኩትዶ ነይሩ፣ ዝርግሐኡኸ ከመይ ነይሩ?’ እናበልካ ገምጋም ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ግና ኣብኡ ጥራይ ዝሕጸር ኣይኮነን። ናይ ውሕስነት መግቢ መደባትና፡ ዝናባውን መስኖኣውን መደባት ሕርሻና ብዓመታት ክሳብ ክንደይ ክኸይድ ይኽእል ብዝብል መለክዒ ጥራይ ኢኻ ክትዛረብ እትኽእል። ምኽንያቱ ዓቐንን ዝርገሐን ዝናብ ውሕስነት ስለ ዘይብሉ ካብ ዝናባዊ ሕርሻ ናብ መስኖኣዊ ሕርሻ ክንሰጋገር የድሊ። ወይ ከኣ ናይ ክልቲኦም ዝኑቕ መደባት ምእንቲ ክተካይድ ናይ ንውሕ ዝበለ ዓመታት መደብ ሒዝካ ክትሰርሕ ከለኻ ጥራይ እዩ እቲ ስእሊ ክትርእዮ ዝከኣል እምበር፡ ዓመት ዓመት ኣይኮነን። ጥሙር - ዘላቒ (comprehensive, sustainable) መደባት ጥራይ ኢኻ ክትሕንጽጽ ትኽእል። እዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ክትገብሮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ዓመታት’ውን ጥንቅቕ ኢልካ ገምጋም ጌርካ ጥራይ ኢኻ መደብ ከተውጽእ እትኽእል። ኣብ ሕርሻዊ መደባትና ምሉእ ብምሉእ ካብ ዝናባዊ ሕርሻ ከይተላቐቕና፡ ናቱ ሓደጋታት ብግቡእ ገምጊምና ንመተካእታ ውሕስነት ዘረጋግጽ መስኖኣዊ ሕርሻ ከነተኣታቱ ዘድልየና ክንፈልጥን ዘላቕነቱ ከነረጋግጽን ክንክእል ኣለና። ናይ ዓሚ፡ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመታት ምህርቲ ወይ ክራማት ነቲ ጠለብ ዘማልእ ኣይነበረን። ኣብ ገለገለ እዋን ክራማት ብርኩት ክኸውን ከሎ፡ ምህርቲ ተረኺቡ ክትብል ትኽእል። ኣዳቒቕካ ክትርእዮ እንተኾይንካ ግን ዝተፈላለየ ኣእካል ከም ኣብነት እንተወሲድና ክንደይ ዝኣክል’ዩ ፈርዩ? ውሕስነት መግቢ ተረጋጊጹ ክንብል ከለና፡ ብዓይነታት ኣእካል እንተ መዚንናዮ ክሳብ ክንደይ ንጠለባት ናይ

ሃገር ዘማልእ ምህርቲ ተሓፊሱ። ዓይነት ብዓይነት ዝርዝራቶም ክትፈልጥ ክትክእል ኣለካ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ኣተሃላልኻ ናይ ኣእካልን ዓይነት መግብታትን ይፈላለ እዩ። እኽሊ ጥራይ ዘይኮነ'ውን ስጋ፡ ዓሳ፡ ጸባ፡ ዘይቲ፡ ሽኮርን ካልኦት ዝተፈላለዩ መሰረታውያን ዘይኮኑ ሕርሻዊ ፍርያት ዝኾኑ መማቕርቲ ኣለዉ። ንኹሎም እዚኣቶም ኣጠቓሊልካ ክትርእዮም ኣለካ። ነብሲ ወከፍ ዓይነት ምህርቲ ክሳብ ክንደይ ንምምላእ ናይ'ቲ ጠለብ ኣውሒሱ ክትብል ኣለካ። ኣብ ዝበለጸ ግዜ'ውን እንተ ኾነ፡ "perfect" ዝኾነ (መንቅብ ዘይብሉ) ብኹሉ ዓይነታት ኣዝዩ ዝተማልአ ዘንቢል ናይ ኣእካልን ዓይነታት መግብን ከተፍሪ ኣይከኣልን'ዩ። ብዝናብ ዝሕረስ ስፍሓት መሬት፡ ምስባሕን ምርቃቕን ናይ'ቲ መሬት ዓመት ዓመት ክሳብ ክንደይ ምህርቲ ኣብኡ ክሕፈስ ይኽእል? ድኹዒ፡ ዓይነት ዘርእን ካልኦት ዝተፈላለዩ እታዋትን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክሳብ ክንደይ እናዕበኻዮ ወይ ዘላቒ እናገብርካዮ ክትከይድ ትኽእል? ስለ ዝኾነ ብዝናባዊ ሕርሻ ኩሎም ዓይነት መግቢ ዘማልእ ምህርቲ ክሕፈስ ኣይከኣልን'ዩ። ከም'ዚ ስለ ዝኾነ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል መስኖኣዊ ሕርሻ ኣተኣታቲና ኣለና፣ ሓደ ሓደ ክንዛረበሎም እንኽእል ዕዉታት ፕሮግራማት ክህልዉና ይኽእሉ እዮም። እዚኣቶም ግን ብመጠን ናይ ፕሮግራማት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ብቐንዱ ከኣ ጥብ ዝበለት ማይ ክንዕቅባ እንተ ድኣ ኴንና መእለዩ ወሓይዝን ዝተፈላለዩ ዝዓቐኖም ሓጽብታትን ክንሰርሕ፡ ማዕረ ማዕሪኡ'ም ከኣ ነቲ ማይ ክትዕድሎ እንተኾይንካ ነቲ ስፍሓት መሬት ዘድልየካ ቴክኖሎጂ ከተተኣታቱ ግዜ ዝወስድ እዩ። ወላ እቶም ሕጂ ዘለዉ ፕሮጀክትታት'ውን ብመጠን ናይ'ቲ ክንገብሮ ዘለናን ክንገብሮ እንኽእልን እንተ ኣረኣኢናዮም ንኣሽቱ እዮም። ዝናባውን መስኖኣውን ሓዋዊስና ንኽንሰርሕ'ውን እቲ መስኖኣዊ ንገዛእ ርእሱ ጠለባቱ ከቢድ'ዩ። ብዘዋደድናዮም ሓጽብታት ማይ ምእካብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጸዓት ወይ ኤለክትሪክ ሲቲ ከድልየካ እዩ። ካብ'ቲ ዝለዓለ ክሳብ'ቲ ዝተሓተ ጠለባት መስኖኣዊ ሕርሻ ዘድልየካ ጠለባት ክተተኣታቱ ኣለካ። ካብኡ ናብኡ'ውን ካብ ዓይነታት ስርዓት መስኖ ኣየናይ ይሓይሽ ኢልካ መሪጽካ እትጥቀመሉ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ግድን ዓይነታት መግቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናብ ዕዳጋ ዝቐርብ ብምፍራይ መተካእታ እትገዝኣሉ ፍርያት ክህሉ ይኽእል። መደባትካ  ምስ'ቲ ከተልምዖ ዘለካ ስፍሓት ክሳብ ክንደይ ለውጢ ኣምጺእካ ዝረአ እዩ። ሰለስተ ናይ ልምዓት ዞባታት ኢልና እንድሕር ንዛረብ ኣለና፡ ኣብዚኣቶም ጥራይ ከነዋድዶ ዘለና ትሕተ ቅርጺ ናይ ሓጽብታት፡ መእለዪ ወሓይዝ፡ መቈጻጸሪ ቅርጽታት ብሓመድን ማይን ክሳብ ክንደይ ዓመት ብዓመት ይትግበሩ ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ እንተ መጺእና፡ ክሳብ ሎሚ ሓንቲ ሓጽቢ ክንሰርሕ ኣይከኣልናን። እዚ ኩሉ ናብ ባሕሪ ዝኣቱን ዝሕወስን ኣብ ጎላጉል ዝተርፍን ወሓይዝ ብግቡእ ክንጥቀመሉ እንተ ኾይንና፡ ካብ ጫፍ ዶብ ሱዳን ክሳብ - ምናልባት ከባቢ በዓል ኢራፋይለ ኪንዮኡን ክንደይ ሓጽብታት ክንሰርሕ ንኽእል? ኣብኡ ክለምዕ ዝኽእል ብሓርፋፍ ገምጋም ካብ ስሳ ሽሕ ክሳብ ሰማንያ ሽሕ ሄክታር እንተ ደኣ ኢልና ነዚ ዝኣክል ማይ ዓቂብና ክንሓርሶን ምህርቲ ክንሓፍሰሉን ኣብ እንኽእለሉ ደረጃ ኣይበጻሕናን፣ ኣይኣተናዮን ኣለና'ውን። ኣብ'ቶም ከበሳታት ዝበሃሉ ካብ ጫፍ ዶብ ሱዳን ክሳብ ዶብ ኢትዮጵያ ከም ስፍሓቱ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ትሕተቕርጺ ተዋዲድሉ ኣሎ? ኣብ ምዕራብ'ውን ተመሳሳሊ። ነዚ ኩሉ ኣብ ግምት ብምእታው ናብ ምሉእ ውሕስነት መግቢ ጥራይ ዘይኮነ ኪኖ ምሉእ ውሕስነት መግቢ ክትከይድ እውን ክትክእል ኣለካ። ኣብ ብርኩት ዝናብ'ውን ዝሰራሕና እንተ ሰራሕና ዝኣኽለና ምህርቲ ክንሓፍስ ስለ ዘይንኽእል፡ ዕብየት መስኖኣዊ ፕሮግራማት'ውን ከም'ቲ እንደልዮ ክንጎየሉ ስለ ዘይከኣል፡ ኣብ መንጎ ንዘጋጥመና ሕጽረት ምእንቲ ክንሸፍን ስትራተጅያዊ ትሕጃ ክንሕዝ ክንክእል ኣለና። ምስ

ስትራተጃዊ ትሕጃ ሃገራት ክትርእዮ ከለኻ፡ ንሕና ብኣዋርሕ ኢና እንሓስብ። ክሳብ ክንደይ ነቶም ስትራተጂያውያን ዝበሃሉ ዓይነታት መግቢ ትሕጃ ክንሕዘሎም ንኽእል ኢና እንብል። ብርኩት ይኹን ኣይኹን ትሕጃ ክንሕዝ ክንክእል ኣለና። ግና ብኣዋርሕ ጥራይ ክትሓስብ ክትክእል የብልካን። “sustainable” (ዘላቒ) ውሕስነት ከተረጋግጽ ምእንቲ ብውሑዱ ናይ ዓመት፡ እንተ ተኻኢሉ ናይ ክልተ ሰለስተ ዓመት ትሕጃ ክትሕዝ። እዚ ርግኣት ዝፈጥር ጥራይ ዘይኰነ፡ ንእተተግብሮ መደባት'ውን ናብ ውሕስነት ዘለዎ ገስጋስ ክድርኾ ይኽእል። ዝናብ ዘተኣማምን ስለ ዘይኰነ፡ ኣብ ገለ ዓመት ክኹለፍ ወይ እኹል ዝርገሐ ከይህልዎ ይኽእል። ስለ'ዚ ትሕጃ ክንሕዝ ኣለና። እንሕዞ ትሕጃ እናተማሓየሸ መጺኡ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ግና ንኣብነት ዝናብ ሚእቲ ካብ ሚእቲ እንተቦኺረ እንታይ ምገበርና ኢልካ ትሓስብ። ስለ'ዚ ንውሕስነት ትሕጃ ክህልወካ ኣለዎ። “ማይ ክብርክት ይኽእል'ዩ” እናበልካ ብጥንቆላ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብግምታት'ውን ክትከይድ ስለዘይትኽእል ኩሉ ግዜ ስትራተጂያዊ ውሕስነት ዝህበካ ትሕጃ የድሊ። ኣብ ገሊኡ ኣበር ናይ መሬት ኣብ ገሊኡ ኣበር ዝናብ ኣብ ዘለዎ ከባቢታት ከከም ቦታኡ ከጋጥም ንዝኽእል ጸገማት ንዑኡ ብዝሰማማዕ መንገዲ ትሕጃ ክትሕዝ ክትክእል ኣለካ። ስለዚ ነቲ ከተተግብሮ ዘለካ  ዝናባዊ ይኹን መስኖኣዊ መደባት ሕርሻ ዝኣኽለካ ዓቕምን ጺጋታትን ክህልወካ ኣለዎ። ናይ ማሽነሪ፡ ዘርኢ፡ ድኹዒ፡ ጸረ ባልዕ፡ ጉልበት ሰብን ካልኦት ዝተፈላለዩ ዓቕምታትን ክትወዳድብ ክትክእል ኣለካ። 2013 ኩነታት ርኢናዮ። ግን ኣይተገራህናሉን። ትሕጃ ክንሕዝ ኣለና ኢልና ን2014 ትሕጃ ሒዝና። ትሕጃ ንኹሉ ጠለባት ዝዓጹ እዩ እንተ ዘይተባህለ፡ ነቶም መሰረታውያን ጠለባት ክዓጹ ይኽእል ይኸውን።  ማዕረ ማዕሪኡ ከኣ መስኖኣዊ ሕርሻ ካብ'ቲ በጺሕዎ ዘሎ ናብ ዝለዓለ ንኽሰጋገር እንታይ ክገብር ይኽእል ክበሃል ኣለዎ። ብስፍሓት ይኹን ብስርዓት እተተኣታትዎ መስኖኣዊ ሕርሻ ክትተኣማመን ክትክእል ኣለካ።

ኣብ ምዕራብ ካብ ባድመ ክሳብ በዓል ጎልጅ፡ ገርሰት፡ ፋንኮ፡ ተሰነይ፡ ዓሊግድርን ከባቢኡን ካብኡ ንሰሜን ክሳብ በዓል ከባቢታት ሂምቦል ዘሎ መሬት ሓጽብታት ተዋዲዱ'ኳ እንተ ሃለወ ምሉእ ብምሉእ ኣብ መዓላ መስኖ ከተውዕሎ ኣይተኻእለን ኣሎ። ናይ ኤለክትሪክ ጠለባት ኣለዎ። ጠለባት ትሕተቕርጺ ኣለዎ። ገለ ካብ'ቶም ባዕልና ከነፍርዮም እንኽእል ክፋል ናይ'ቲ ስርዓት እንተ ሃለወ'ኳ፡ ምሉእ ብምሉእ ክትሽፍኖ ዝከኣል ኣይኰነን። ስለ'ዚ ንዕኡ ከዕቢ ዝኽእል ውሕስነት ክትገብር ክትክእል ኣለካ። ቅድም ቀዳድም ዘተኣማምን ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ'ዞም ዝተጠቕሱ ከባቢታት እቲ “inter-connected” (ውሽጠ-ልጉብ) ስርዓት ኤለክትሪክ ስለዘይኣተወ ምሉእ ብምሉእ ምእንቲ ክሰራሓሎም፡ ናይ ገዛእ ርእሶም መመንጩዊ ጸዓት ክህልዎም ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ዓመት ካብ ሓደ ምህርቲ ንላዕሊ ክፍርዩ እንተ ኾይኖም'ውን ብቑዕ ዓቕሚ ሰብ ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። ጽቡቕ ዓይነት ኣዝርእቲ መሪጽካ ኣብ እዋኑ ክትጥቀመሉ ክትክእል ኣለካ። ክትዛረቦ ቀሊል ይመስል ይኸውን። ኣብ ባይታ ክትግበር እንተ ኾይኑ ግን ነዞም ዝተዘርዘሩ ዕላማታት ክወቅዕ ክኽእል ኣለዎ። ጥሙር ወይ “comprehensive” ክኸውን ኣለዎ። ካብኡ ናብኡ ከኣ ዘላቕነት ከውሕሰልካ ክኽእል ኣለዎ። ቀስ ብቐስ ካብ ዝሓሸ ናብ ኣዝዩ ዝሓሸ ከም ዝኸይድ ክግበር ስለ ዘለዎ፡ ኣብ'ዚ 2014 ትሕጃታት ምሓዝ ጥራይ ዘይኰነ፡ ብዝናባዊ ይኹን ብመስኖኣዊ ደረጃ ክንሰርሓሎም እንኽእል ኩሎም ንጥፈታት፡ ካብ ናይ 2012 – 2013 ዝማዕበሉ ክኾኑ ኣለዎም። በዚ ኾነ በቲ ግን ትሕጃ ከይሓዝና ዓመት ስለ ዘይንኣትዋ ኣብ 2014 ክራማት ጸበቕ ኣይጸበቕ ካልኦት ምድላዋትና'ውን ከም'ቲ ዝድለ ይስርሑ ኣይስርሑ ትሕጃ ምሓዝ ኣይተርፍን'ዩ።

**ክቡር ፕረዚደንት ንኽዘና ማይ ዝምልከት ኣቐዲምካ ጠቒስካዮ ነይርካ። ብዙሓት ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ክትግበሩ ጸኒሖምን ሕጂ’ውን ይትግበሩ ኣለዉን። ብመደባት 2014 ንዛረብ ስለ ዘለና ንኽዘና ማይ ዝምልከት ብልክዕ ዝተታሕዘ መደባት ኣሎ ድዩ?**

- ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ምኽዛን ማይ ክዛረብ ኣይደልን እየ። ማይ ስለ ዝኸዘንካ ጥራይ ክንድ’ዚ ሚልዮን ትርብዒት ሜትሮ ማይ ዝሕዝ ዲጋ ሰሪሕና ኣለና እናበልካ፡ ዘይጭበጥ ተስፋታት ጥራይ ኢኻ ትዛረብ። ምስኡ ተኣሳሲሩ ክማላእ ዘለዎ ከበድቲ ዕማማት ስለ ዘሎ ኣብ ገሊኡ እዋናት’ውን ናይ ግድን ንሕርሻዊ መዓላ ጥራይ ዘይኮነ ንዝስተ ማይ’ውን እኹል ክትክዝን ክትክእል ኣለካ። ከም ኣብነት ኣብ ከበሳታት ምስ ከተማታት ምዕባይ ሃልኪ ናይ ማይ እናደየበ ስለዝኸይድ፡ ግቡእ ምቍጽጻር’ውን ስለ ዘይግበረሉ ኩሉ ግዜ ጸገም ይፍጠር። ንኣብነት ንኣስመራ ዲኻ ቀዳምነት ትቕርብ ወይስ ኣብ ካልእ ክተልምዓሉ ኣብ እትኽእል ናይ ሕርሻ መሬት ኢኻ ማይ ተቐድም። ሓደ ሓደ እዋን ቀዳምነታት ይተሓዋወስ’ዩ። ቀረብ ማይ ኣስመራ ምእንቲ ክዓቢ፡ ዝሰራሕ መኽዘኒ ሓጽቢ ኣሎ። ኣብ ደቡብ ዘለዋ ንመንደፈራ፡ ደቀምሓረ፡ ዓዲ ቐይሕ፡ ድባርዋን ካልኦት ሓውሲ ከተማታትን’ውን ናይ ማይ ጠለባት ስለ ዘለወን፡ ንዝስተ ይኹን ንሕርሻ፡ እቶም ሓጽብታት ክሕዝዎ ብዝኽእሉ ዓቐን ማይ ጥራይ ዘይኮነ ብመልክዕ ናይ’ቲ መሬት እንተርኢኻዮ’ውን ኣዝዮም ከበድቲ ስርሓት እዮም። ምስ ካልእ ቦታታት ብምንጽጻር ንዝሓሸ ናይ መዓላ ሕርሻ ዝበቕዑ መኽዘኒ ማይ ኣይኮኑን። ሎሚ ዓመት ዝተወድኡ ፕሮግራማት እናሃለዉና፡ ንከተማታት ዝስተ ማይ ተባሂሎም፡ ንሕርሻ ዓቢ ጥቕሚ ዘይህቡ ፕሮግራማት ነተግብር ኣለና። ቀዳምነታት ክንሰርዕ ኢልና ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉል ዘወንዘፍናዮ ገዘፍቲ መደባት ኣለዉ። ምናልባት ኣብ 2014 ክንጅምሮም ንብል ኣለና። ከም ድልየት ኣብ ብዙሓት መደባት፡ ኣብ እነድምዓሎም ዝተወሰኑ መደባት ክነተኩር ድልየት ኣለና። እንተኽኢልና ከኣ ተመጣጢጥና’ውን ክነተግብሮም ክንክእል ኣለና። ምኽንያቱ፡ ብልጫታት ኣለዎም። ብመጠኑ ናይ መግቢ ሽግራት’ውን ክፈትሑ ስለ ዝኽእሉ። ኣብ ምብራቓውን ምዕራባውን ቆላታት ስትራተጂያውያን እንብሎም ናይ ዕደላ ማይ ዓበይቲ ሓጽብታት’ውን፡ ሕጂ እንድሕሪ ኣቲናዮም፡ ዓቕምና ከይመጠኑልና ስለ ዝፈራሕናዮም፡ ክንኣትዎም እንተ ድኣ ኳንና ቅድም ነቶም ንኣሽቱ ወይ ማእከሎት ከነተግብር ኣለና ኢልና ዘወንዘፍናዮም እዮም። ኣብኡ ብስፍሓት ናይ’ቲ መሬት፡ ብዓቐን ክተሓዝ ዝኽእል ማይ፡ ኣብ መወዳእታ’ውን ክህብዎ ብዝኽእሉ ቀሊል ዘይኮነ ምህርቲ ዓበይቲ ስትራተጂያውያን መደባት ኣለዉና። ንምትግባሮም ዓመት ወይ ክልተ ዓመት ዝወስዱ ስለ ዝኾኑ ግን፡ ብዓቕሚ ግዝፎም ይጽንሑልና’ሞ፡ ማእከሎት ወይ ንኣሽቱ እናሰራሕና ነቲ ጸጋታት’ውን ነመቓርሖ ኢልና። ብኽልሰ ሓሳብ ኩሉ’ቲ ማይ ኮረር ክብለሉ ዝኽእል ሓጽብታት ገይርካ ገዚፍ ማይ ክትሕዘሉ እትኽእል ቦታታት ኣዝዩ ብዙሕን መወዳእታ ዘይብሉን እዩ። ኣብ ሓደ ዓመት ከነተግብሮም ንኽእል ነይርና እንተ ንኸውን ከኣ፡ ብዛዕባ ዓባር ክራማት ክንዛረብ’ውን ኣይምኸኣልናን ነይርና። ኰይኑ ግን ምስ ዓቕምኻን ጸጋታትካን ተመጣጢኑ ስለ ዝኸይድ ማዕረ ዓቕምኻ ጥራይ ክትከይድ ስለ ዘለካ፡ ዓቕሚ ከተዕቢ ትፍትን። ስለ’ዚ ንኹሎም እዞም ዝብሎም ዘለኹ ኣይተግበርናዮምን ኣለና። ን2014 እውን ክሳብ ኣዝመራ ኢኻ እትሓስብ። እቲ ሓጽቢ እንድሕሪ ቅድሚ ክፍላ ሰነ ወይ ክራማት ቅድሚ ምጅማሩ ዘይውዳእ ኰይኑ፡ ናይ 2015 መደብ’ዩ ማለት’ዩ። ስለ’ዚ ኣብ 2014 ንኽውድኡ

ዝተታሕዙ ብዙሓት ኣይኮኑን። ምስ'ዞም ናይ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ዝስተ ማይ ዝተኣሳሰሩ ፕሮግራማት ማለት እዩ።

**ክቡር ፕረዚደንት ጸገም ኣባይቲ ንምፍታሕ ድሮ ዝተበገሰ 'ፓይለት' (ናይ መፈተንታ) ፕሮጀክት ኣሎ። ናብ ኩሉ ደረጃታትን ጽፍሕታትን ሕብረተሰብ ብዛዕባ ዝቐንዐ ኣባይቲ ናይ ምህናጽ ተወሳኺ መደባት ብዝምልከት እንታይ ሓበሬታ ትህበና። ሱታፌ ናይ ውልቀ ዜጋታት ኣብ ህንጸት ኣባይቲ ንምትብባዕከ እንታይ መደብ ኣሎ።**

እዚ ሕጂ ዝግበር ዘሎ "ፓይሎት" ማለት ናይ ፈተነ ፕሮግራማት'ዩ። እዚ እንተኣታትዎ ዘለና ሓድሽ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ነቲ ቴክኖሎጅን ናይ ምህናጽ ፕሮግራማትን ከቀላጥፎን ብዓይነት ከሐይሎን ከመሓይሾን እዩ። እዚ ኣብ ከባቢ ባጽዕ ዝነበረ ናይ "ፕሪ ካስት" ትካልን ኣብ ከባቢ ኣስመራ ተተኺሉ ዘሎን'ዩ። ሳልሳይ ከኣ ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት ከምኡ ዝበለ ንኽንተክል እዩ እቲ ሓፈሻዊ መደብ። ምኽንያቱ ሰለስተ ናይ ልምዓት ዞባታት እንተ ድኣ ሃልዮምና፡ ናይ ኣባይትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ናይ ኣገልግሎት ህንጻታትን ክንሰርሕ እንተ ኾይንና፡ ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰለ ትካላት ኣብ ቀረባ ክህልዉ ክኽእሉ ኣለዎም። ብዘይካ እዚ ናይ ኤምቲ ቴክኖሎጂን ከም ጡብ ዝኣመሰሉ ናይ ህንጻ ንዋትን እነፍርየሉ ትካላት ነቲ ኣገልግሎታዊ ህንጻታት ምእንቲ ክንሰርሕ ብውሑዱ ሰለስተ ትካላት ህንጻ ክህልዉና ኣለዎም። ምስ'ቲ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዘሎ ፓይሎት ፕሮጀክት ብምትእስሳር፡ እተን ዝጸንሓ ዝተፈላለያ ኩባንያታት ተጠሚረን ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ኩባንያታት ተወዲበን ኣለዋ ኢልና ክንሓስብ ንኽእል። ምእንቲ እተን ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉል፡ ከበሳታትን ምዕራባዊ ቆላታትን ዝህልዋ ትካላትና፡ ነቲ ኣብኡ ዝካየድ ናይ ምስራሕ ኣባይቲ ፕሮግራማት ክሕዛ እዩ እቲ ኣወዳድባ ተገይሩ ዘሎ። እዚ ድማ ንፈተነ (ፓይሎት) ዝተገብረ እዩ። እዚ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ወጺኡ ዘሎ ፕሮግራማት፡ እተን ትካላት ነቲ ቴክኖሎጂ ክመልካኦን ጽባሕ ንግሆ ዘስርሐን ተሞኩሮ ክኸስባን ምእንቲ ኣብኡ ይሰርሓ ኣለዋ። ኣብ በቦታአን ምስ ከዳ ግን ነናተን ነብሰን ክኢለን ክሰርሓ እየን። ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት ካብ ዘለና ፕሮጀክት እውን፡ እዛ ሕጂ ዘላ ከተማ ተሰነይ ብብዙሕ መለክዒታት ከም ከተማ ክትዓቢ ኣይትኽእልን እያ። ኣብኡ ዝግበር ህንጻታት እውን ኣዝዩ ድሩት እዩ። ኣብ ከባቢ ዓሊግድር ሓድሽ ከተማ ንምህናጽ፡ ናይ መበገሲ መጽናዕትታቱ ተወዲኡ'ዩ። ግድን ኣብ ተሰነይን ዓሊግድርን ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ኣብ'ተን ህዝቢ ብብዝሒ ዝሰፍረለን ካልኦት ከባቢታት'ውን ናይ ኣባይቲ ህንጻ ፕሮግራማት ክህሉ ኣለዎ። ኣብ ምዕራብ ኣበይ ኣበይ ክስራሕ ከም ዝኽእል ሓፈሻዊ ስእሊ እሎ። እተን ሕጂ ብዝርዝር ተታሒዘን ዘለዋ መደባት ግን እዚኣተን እየን። እዚ ናይ ኣስመራን ከባቢኡን ፓይሎት ፕሮጀክት ግን ቀዳምነት'ውን ኣይኮነን።

ምብራቓዊ ጎላጉል ምናልባት ካብ ከባቢ ዓሰብ ንሰሜን እውን ኣሎ። እቶም ኣባይቲ ክህነጸሎም ዘለዎም ናይ ቁጠባ ከባቢታት ወይ ዞባታት ናይ ኤለክትሪክን መጓዓዝያን መሳለጥያታት፡ ብቐንዱ ኸኣ ናይ ማይ ኣገልግሎት ዝረኸቡ፡ ኮታ ቁጠባዊ ትርጉም ኣለዎም ዝበሃሉ ከባቢታት፡ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ክድኮኑ ምእንቲ፡ እቲ ናይ ኣባይቲ ጉዳይ ብስትራተጂያዊ ኣጠማምታ ተታሒዙ ኣሎ ክንብል ንኽእል። ናይ'ዚ ቀዳማይ ተጠቃሚ ድማ እቲ ገዛ ዘይብሉ'ዩ። ዝተጋደለ ነዛ ሃገር

ዝሰርሐ፡ ገዛ ዘይብሉ፡ ቅድም ንሱ ክሕዝ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ምጡን ዓቐን፡ ኣብ ውሱን ቦታታት ተሃኒጹ ዝጸንሐ ገዛውቲ ሒዙ ዘሎ ኣሎ። ገዛ ዘይሓዘ ግን ክንደይ ኣሎ። ካብኡ ናብኡ'ውን ክልተ ወጽዓ ሒዙ ዝኸይድ ኣሎ። ንዓመታት ተጋዲሉ መጺኡ ናይ ዝተጋደሎ ሞሳ ጥራይ ዘይኮነስ ሕጂ ዝሰርሖ ዘሎ ሞሳ እውን እንተ ውሓደ እታ ናይ መጀመርታ ካሕሳ ናይ ኣገልግሎታቱን ሞያኡን ቤት ክረክብ ኣለዎ። ብዛዕባ ደሞዝ፡ ካልእ ኣታዊታት ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ቅድም ቀዳድም ግን ቤት ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። እቲ በብገጻቱ ክትግበር ተታሒዙ ዘሎ ናይ ኣባይቲ መደብ ብምሉኡ ነቲ ክኸፍል ዘይክእል ገዛ ከም ዝሕዝ ንምግባር እዩ። ኣበየናይ ከባቢ እዩ ዝስራሕ? ክንድ'ዚ ዝኣክል ጠለብ ክማላእ ይኽእል ድዩ? ንኽንድዚኦምን ከምዚኦም ዝኣመሰሉን ኣብ'ዝን ኣብ'ዝን ከባቢታት ክስራሕ እዩ ተባሂሉ መደብ ይወጽእ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ናይ ጤሳ መደብ እውን ኣብኡ ዝኣቱ'ዩ። በቲ ቅድሚ ሕጂ ክኸዶ ዝጸንሐ ዘይኮነ፡ ከም ብሓድሽ ንኣገልግሎት ወይ መዓላ መሬት ብቑዕ ዝገብር ሓድሽ ቴክኖሎጂን ዓይነት ህንጻታትን ክተሓዝ'ዩ። እንተ ዘይኮይኑ ከም'ቲ ክንድ'ዚ ትርብዒት ሜትሮ ወሲደ፡ ሰርቪስ ሰሪሐ፡ ካንሸሎ ገይረሉ እናበልካ ክኸየዶ ዝጸንሐ ክቕጽል ስለ ዘይክእል፡ ንሱ'ውን ኣብ ውሽጢ እቲ ሃገራዊ ናይ ኣባይቲ መደብ "national skill housing" ኣትዩ ከም ዝስራሕ ክግበር'ዩ። ምስ'ዚ ዝመጽእ መሰረታዊ ሕቶታት ከኣ ኣሎ። ስሚንቶ ሓደ ካብ'ቲ ዝዓበየ ብድሆታት እዩ። ስሚንቶ ኣብ'ዚ (ሃገር) ብግቡእ ክፈሪ ኣይከኣለን። ናይ ስሚንቶ ፋብሪካና ሃገራዊ ጠለብ ከማልእ ዝኽእል ክነሱ፡ ብሰንኪ ጸገም ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ዓዲ ውዒሉ ኣሎ። እቶም ካልኦት መሰረታውያን ናይ ህንጻ ንዋት'ውን ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ካብ ደገ ተገዚኦም ክመጽኡ ዘይኮኑስ ብዘቤታዊ (local) ትካላት ክቐርብ ክኽእል ኣለዎ። ናይዞም መሰረታውያን ነገራት ኣብ'ዚ ምፍራይ ነቲ ናይ ኣባይቲ ምህናጽ መደባት ዘሳልጥን ዘቃልልን፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ርትዓዊ ዋጋ ከም ዝህልዎ ዝገብር ስለ ዝኾነ መሰረታዊ'ዩ። 'ብውልቀይ ክሰርሕ እኽእል'የ' ዝብል ኣሎ። ካብ'ቲ ኣጠቓላሊ ሃገራዊ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ልምዓት ስትራተጂ ክንደዩ ክሰርሕ ዝኽእል? 'ባዕለይ ክሰርሕ እኽእል'የ' ዝብል ጽቡቕ። ባዕልኻ ኩሉ ነገራት ኣምጺእካ ክንደይ ዝኣክል ኢኻ ክትሰርሕ ትኽእል? ብኸምኡ ዝስራሕከ ክሳብ ክንደይ'ዩ መንበሪ ኣባይትን ኣገልግሎታዊ ህንጻን ክሸፍን ዝኽእል! ኣዝዩ ውሱን ከባቢታት ጥራይ'ዩ ክሸፍን ዝኽእል። እዚ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተፈላለየ ዝተሰርሐ ገዛውቲ ክንደይ ሚእታዊት ናይ'ቲ ጠለብ ፈቲሑ! ናይ ሓደ ሚእታዊት "ፍራክሽን" (ክፍልፋል) እውን ኣይከውንን'ዩ። ቀዳምነት ድዩኸ ንሱ! ናይ ዝበዝሐ ሽግር ገዛ ዲኻ ክትፈትሕ ወላ ናይ ክልተ ሰለስተ ሰባት። ቅድሚ ሕጂ ዝተሰርሐ ኣሎ። ንሰብ ዶላር ንሰብ ገንዘብ ጥራይ'ዩ ዝስራሕ። እቶም ዘይብሎምከ እንታይ ክገብሩ እዮም! እቲ ገንዘብ ኣለዎ ዝበሃል ክንደይ ሚእታዊት ካብ'ቲ ገዛ ዘድልዮ ዜጋ'ዩ። እዚኸ ክንደይ ሽግር ክፈትሕ ይኽእል። ብዙሕ ክርክር ወይ ፍልስፍና ዘድልዮ ጉዳይ ስለ ዘይኮነ ገዚፍ ጠለባት ከማልእ ዝኽእል እቲ ውጹዕ፡ ሃገር ክሃንጽ፡ ንሃገር ክገልግል ካልእ ቀዳምነታቱ ገዲፉ ድሕሪት ዝተረፈ ቅድም ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። በብዓመቱ ክንድ'ዚ ዝኣክል ብዝሒ ገዛ እናረኸበ፡ ኣብ ክንድ'ዚ ዓመታት ከኣ ኩሉ መንበሪ ቤቱ ክሕዝ እዩ ኢልካ እንድሕር ትሓስብ ኣለኻ ትግባረ ናይ'ቲ ምህናጽ ኣባይቲ ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ'ዩ። ኣነ ባዕለይ ክሰርሕ እኽእል'የ ዝበለ ጽቡቕ! ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ግን ምስ ሃገራዊ ናይ ኣባይቲ ምህናጽ ስትራተጂ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ'ቲ ነባሪ ፍታሕ ዘምጽእ ጥሙር ፕሮግራም

ዝኣቱ ክኸውን ኣለዎ። እምበር በታቲንካ ምስራሕ ቅድሚ ሕጂ ተፈቲኑ እዩ። እዚ ኣብ ከባቢ ኣስመራን ካልኦት ከባቢታትን ተሰሪሑ ዘሎ ገዛውቲ ንመን'ዩ ተሰሪሑ! ክንደይ ዝኣክል ሽግርከ ኣቓሊሉ። ጠመተና ናብ'ቲ ዝቕጽል ንኽንገብር ድማ ግዜ ከም ዝወስድ ክንፈልጥ ክንክእል ኣለና። ባኮታት ኮፍ ኮፍ ኣቢልካ፡ ገዛውቲ ወዲእካ ኣብ ዓመት ኣብ ክልተ ዓመት ኩሉ ሽግራትካ ተቓሊሉ እዩ ኢልካ ክዝረብ ኣይከኣልን'ዩ። ስለ'ዚ እቲ ፓይሎት ፕሮጀክት ብዝተኻእለ መጠን ክቀላጠፍ፡ ብዓይነት ክጽብቕ፡ ቅድም ናይ'ቲ ተወጺዑ ዘሎ ጠለብ በብግዜኡ ከም ዘማልእ ክኸውን'ዩ። ገዚፍ መደብ ስለ ዝኾነ ብንእሽቶ ናይ ፓይለት ፕሮጀክት ዝምለስ ኣይኮነን።

**ንጉዳይ መሬት ጤሳ ከምኡ'ውን ብግሊ ዝካየድ ህንጻዊ ስርሓት ኣሎ። ኣብዚ መዳይ እዚ ዝተራእየ ጸገማት ስለዘሎ ነዚ ጸገማት እዚ ንምእራም ሓደ ዝቖመ ኣካል ኔሩ እሞ፡ እዚ ኣካል እዚ እንታይ ዓሚሙ? ናይ መጻኢ መደባት ወይ ኣብ መጻኢ ብኸመይ ክተሓዝ እዩ እዚ ጉዳይ እዚ፧**

- እቲ ጸገም ብኣጋ ኣስተብሂሎ ስለ ዝተገብረሉ ሓደ ሓይሊ ዕማም ቆይሙ ኣሎ። ምኽንያቱ ሰብ ዝረኣዮን ዝሰምዖን ክዛረብ ይኽእል'ዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ወግዓዊ ስእሊ ክህበካ ዝኽእል ምሉእ ገምጋም ክተካይድ ስለ ዘለካ ሓይሊ ዕማም ቆይሙ። ብዙሕ መጽናዕቲታት ተጠቓሊሉ። ንፖሊሲ እናጠምዘዝካ መሬት ምሻጥ፡ ምልዋጥ፡ ምውቕቓዕ. . . ናብ ሕማቕ ኣንፈት ዝኸደ ተርእዮታት ነይሩ። ዋና ነገር ኣብ ናይ ጤሳ ይኹን ዘይናይጤሳ'ምበኣር እዞም ክንሰርሓሎም ዝጸናሕና ፖሊሲታት እንታይ ኣበራት ነይርዎም ዝብል እዩ። ኣብ ከባቢ ቁሸት፡ ብናይ ኮርያ ኩባንያ፡ ከም'ዚ ናይ ማይ ሑጻን ካልኦትን ዝኣመሰለ ብናትና ኩባንያታት ዝተፈተነ ህንጻዊ ፕሮጀክትታት ኣሎ። ብጽቡቕ ድሌት ጀሚሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብጽቡቕዶ ተሰሪሑ? ዝድለ ዕላማ ወቒዑዶ? ኣዕጋቢዶ ነይሩ? እንተ ድኣ ኢልና ግና - ኣይነበረን። ንኣብነት ኣብ ቁሸት ተሰሪሑ ዘሎ ገዛውቲ ብጽቡቕ ድልየት ዝጀመረ ክኸውን ይኽእል። ሕጂ ንድሕሪት ተመሊስካ ክትርእዮ ከለኻ ግን ኩሉ ጸይቂ'ዩ። ምሉእ እዩ ውርጹጽ እዩ እንተ ዘይተባህለ'ኳ፡ ዝሓሸ ተመኩሮ ኢልና ክንዛረበሉ እንኽእል እዚ ኣብ ኣስመራ ይኹን ባጽዕ ብናይ ኮርያ ኩባንያ ዝተፈተነ'ዩ። ብኹሉ መዳይ እንክጥመት ምሉእ ኣይኹን እምበር ብተዛማዲ ካብ ካልኦት ፕሮጀክትታት ዝሓሸ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ሕጂ ከኣ ካብኡ ዝሓሸ ክንሰርሕ ክንክእል ኣለና። ብፍልስፍና ይኹን ብፖሊሲ ደረጃ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ፡ ኣብ ዝደለዮ ከባቢ ጤሳ ክወስድ መሰሉ'ዩ። ቅድሚ ሕጂ 500 ትርብዒት ወሲዱ ገዛ ክሰርሕ'ዩ ተባሂሉ። ግና ኩሉ ዝተሰርሐ ገዛውቲ ኣዕጋቢ ነይሩ ድዩ! ኣብ 500 ትርብዒት ሜትሮ ሓደ ባይታ ጥራይ ዘይኮነስ ልዕሊኡ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ምናልባት ዓቕሚ ክሰኣን ይኽእል'ዩ። መዓላ መሬት ብኸምኡ ክቕጽል ኣይከኣልን'ዩ። ኩሉ ብስም ጤሳን ብውልቃዊ ፍቓድን ተሰሪሑ ዘሎ ብመዓላኡን ዝህቦ ኣገልግሎትን ተመጣጣኒ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ክመዓራረ ኣለዎ። ተርእዮታት ምውቕቓዕን ምጥፍፋእን መሬት እውን መእረምታ ክግበረሉ ምእንቲ እቲ ብሕጂ ዝወጽእ ዘሎ መደባት ኣብ'ቲ ገምጋም ዝተመስረተ እዩ። እቲ ተመኩሮ ካብ ጌጋታት፡ ካብ ሓላፍ ዘላፍ ካብ ብዙሕ ነገር ተማሂርናሉ ኢና። ሰብ ኣብ ዝተዋህቦ ጤሳ ናቱ ሕርያ ክህልዎ ይኽእል ይኸውን። ግን ዓቕን ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። 500 ትርብዒት ሜትሮ እንድሕር ወሲድካ ሓደ ባይታ "Ground floor ጥራይ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን። ዓቕሚ የብለይን ዝበሃል እንተ ኾይኑ 500 ትርብዒት ሜትሮ ናብ ክልተ ወይ

ልዕሊኡ ክኸፈል ይኽእል። ዝያዳ ዘርብሕ ኣማራጺታት ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ግን በተን ዝምልከተን ኣካላት ኣብ ዝተዋህበካ መሬት ካብ’ዚ ንላዕሊ እንተ ዘይኰይኑ ካብ’ዚ ንታሕቲ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ ተባሂሉ ይወሃቦ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ዓይነት ናይ’ቲ ዝስራሕ ገዛ’ውን ወላ’ኳ ንናይ ውልቂ ሕርያ ክግደፍ ዝኽእል እንተ ኾነ ሓፈሻዊ ከም’ዝን ከም’ዝን ከማልእ ክኽእል ኣለዎ ተባሂሉ መለክዒ ይግበረሉ። ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝተሰርሐ ሰሪሕናዮ ኢና’ሞ ከም ዘለዎ ይኺድ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ብጽቡቕ ዘይተሰርሐ፡ ኣብ ዝድለ መዓላ ዘይወዓለ ኣባይቲ እንድሕሪ ኣሎ ኰይኑ ክእረም ስለ ዘለዎ እቲ ሕጂ ዝተኣታትቶ ኣተሃናንጻ እንተላይ ነቲ ዝሓለፈ ዝጠምር እዩ። ሓድሽ ቴክኖሎጂ ናይ ፕሪካስትን ዝተፈላለዩ ካልኦት ኣባይትን ኣብ ጽቡቕ መዓላ ንምውዓል ዝሕግዙ መደባት ኣብ 2014ን ኪኖኡን ዘለዉ መደባት እዮም። ስለ’ዚ መሬት ኣብ ግቡእ መዓላኡ ምእንቲ ክውዕል ኣብ ዝተዋህበካ መሬት ከም ድላይካ ምስራሕ ዘዋጽእ ኣይኰነን።

ዘይረኸቡ ወይ ዓቕሚ ዘይብሎም ሰባት ባንካ ከለቕሖም ክኽእል ኣለዎ። ወይ ካልእ ናይ ልቓሕ መስመራት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ዓቕሚ እንተ ዘይብልካ ትልቃሕ። ተለቂሕካ ፍርቁ ትነብረሉ፡ ፍርቁ ኸኣ ኣካሪኻ እትረኽቦ ኣታዊታት መኽፈል ዕዳኻ ክትገብሮ ትኽእል። ንስኻ ትረብሕ፣ እቲ ብኽራይ ዝግልገል ይረብሕ። ብኣጠቓላሊ እዞም ዝብሎም ዘለኹ ካብ ተመኩሮናን ካብ ዝተኻየደ ገምጋምን ዝተበጽሑ መደምደምታታት እዮም። ኣብ ትግባረኦም ብዘይ ኣበር ክኸዱ’ዮም ኣይብልን እየ። ናይ ምውቕቓዕ ፈተነታት ክህሉ’ዩ፡ ገለ ሓገዝ ክደሊ’ዩ፡ ገለ ካብ’ቲ ዝተዋህበ መለክዒታት ወጻኢ ክሰርሕ ክፍትን’ዩ. . . . ። እቲ ቑም ነገር ተማሂርና ካብ’ቲ ዝተማሃርናዮ ከኣ ንእረም ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል።

**ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ዝሓለፈ ቃለመጠይቓት፡ ኣብ ትሕቲ ቕርጺ ተታሒዞም ብዛዕባ ዘለዉ ናይ ቀረባን ርሑቕን መደባት ወይ ፕሮጀክትታት ብሰፊሑ ገሊጽካ ኔርካ። ካብዚኣቶም ኣብ 2014 ዝትግበሩ ኣየኖት እዮም?**

ኣብ 2014 ዝጅመሩ’ምበር ኣብ 2014 ዝውድኡ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ንኣብነት ኩሉ ግዜ ዘሰክፈና ናይ ባጽዕ ፕሮጀክት ኣሎ። ዓቕሚ ስለዘይብልና እናወንዘፍናዮ ክንከይድ ጸኒሕና። ሕጂ ግን ብዝኾነ ይኹን መገዲ፡ ወላ ብገጻት ከፋፊልና ክንጅምሮ ክንክእል ኣለና። ኣብ 2014 ክጅመር ንደልዮ ግን መሻርኸቲ’ውን ስለ ዘለዉና ክጅመር ይከኣል ድዩ ኣይከኣልን ክንርእዮ ኢና። ምናልባት ዘሀውኽ ከይከውን ይኽእል እምበር ናይ ዓሰብ እውን ኣሎ። ሓደ ገዚፍ መደብ እውን ናይ ጽርግያታት ሊባን፡ ሓበላ፡ መንሱራ እዩ። ብዙሕ ባዕልና ክነተግብሮ እንህንጠየሉ ስትራተጂያዊ መደብ ኣይኰነን። እዚ ጽርግያ’ዚ ክስራሕ ክኽእል ኣለዎ። ጽርግያ ጥራይ ዘይኮነ ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ብዘይካ ምጽጋንን ምስራሕን መስመር መንገድ ባቡር ኣስመራ ባጽዕ፡ ናይ ሓመድ መገዲ’ውን ኣሎ። እዚኣቶም ስትራተጂያውያን ናይ ትሕተ-ቕርጺ መደባት’ዮም። ካብ ኣቑርደት ንሰብደራት ዝኸይድ ጽርግያ፡ ብዘይካ’ቲ ብባረንቱ ጌሩ ንተሰነይ ዝኸይድ መስመር’ውን ብቐጥታ ምስ ሱዳን ዘራኽበና መስመር ናይ ቅጥራን ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ከም’ቲ ዝደለናዮ ኣይቀልጠፈን ኣሎ። ግን እቲ ናይ ቅጥራን መስመር ብዙሕ ነገራት ከቃልለልና ይኽእል። ቢሻ ጽባሕ ንግሆ ኣገልግሎቱ ከብቅዕ እዩ። ጽርግያ ግን ነባሪ እዩ። ጽርግያ ነባሪ ዝኸውን ከኣ ምስ ጎረባብትና ዘራኽበና ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ምስ ዝኸውን እዩ። ናብ ሰሜን ንቓሮራ ዝኸይድ ጽርግያ’ውን ኣሎ። ወላ ሓመድ ይኹን ዘተኣማምንን ንምሉእ ዓመት ብዘይ ስኽፍታ ስሉጥ ኣገልግሎት ዝህብን ክኸውን ኣለዎ። መስመር ባጽዕ ዓሰብ’ውን፡ ምስ ካልኦት ቀዳምነታትና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተበላሸወ ስለ ዝኸይድ ከምኡ’ውን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ናይ ሓመድ መስመራት፡ ምሉእ ኣገልግሎት ንኽህቡ፡ ብቐጥታ ናብ

ናይ ቅጥራን ደረጃ ከነሰጋግሮም ክንክእል ምእንቲ፡ ዘድሊ ናይ ቅርጺ መመላእታታት ክግበረሎም ስለ ዘለዎ ኣብ 2014 ክንነኽሶም ወይ ክንሕዞም ክንክእል ኣለና ተባሂሎም ተጀሚሮም ዘለዉ እዮም። ናይ ሓጽብታት፡ ማርሳታት ፕሮጀክትታት'ውን ኣለዉና። ንኣብነት ናይ ባጽዕ ወደብ ብገዚፉ ተጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ ዓመታት ክወስድ'ዩ። እቲ ዘሎ መደብ ነቲ ዝድለ ኣገልግሎት ዘማልእ ኣይኮነን። ናብ'ቲ ገዚፍ መደብ ክሳብ እንሰጋገር ኣብ መንጎ ከለጋግበልና ምእንቲ ክኽእል፡ ነዚ ናይ ቀደም ወደብ ዝድግፍ ላቼባ ኣገልግሎታት'ውን ክህልወና ኣለዎ። ምስ መዕረቒ ነዳዲ፡ መመንጨዊ ጸዓትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ኣብ ከባቢ ባጽዕ ክህልዉ ዘለዎም ናይ ትሕተ-ቕርጺ መደባት ኣለዉ። ብመንጽር'ቲ ገዚፍ መደብ ክንርእዮም ከለና ኣገዳስነቶም ዓቢ እዩ። ካብ በዓል ሻምብቆ ንበዓል ጎልጅ ዝኣቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ ኣሎ። እዚ ናይ ተሰነይ፡ ኦምሓጀር ክሳብ በዓል በደሚት ዘሎ ካብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ክብ ክብል ክኽእል ኣለዎ። ካብ ተሰነይ ንሰሜን ናብ በዓል ሰብደራት፡ ካብ ከባቢ ኣፍሂምቦል ንሰሜን ክሳብ ዶብ ሱዳን ዝኸይድ ጽርግያታት'ውን ኣሎ። እዚኣቶም'ውን ቅጥራን ኣይኮኑን ኢልና ክንዛረበሎም ንኽእል ኢና። ግና ብዙሕ ምስኣታቶም ተኣሳሲሩ ዝርአ ምዕባለታት ስለ ዘሎ ኣገዳስነት ኣለዎም። ኣብ ክንዲ ናብ ማእከል ጥራይ፡ ናብ ጫፋት ዝዝርጋሕ ትሕተ ቕርጺ ብምኳኑ'ውን፡ ንሕርሻውን ካልኦት ጽላታዊ ናይ ልምዓት ፕሮግራማትን ኣገዳስነት ኣለዎ። ንመጓዓዝያ ሰብን ጽዕነትን ኣገዳስነት ኣለዎ። ናይ ሕርሻ፡ ናይ መስኖ መደባት ልምዓት ከምኡ'ውን ምስኦም ዝዛመድ መመንጨዊ ጸዓት ፕሮግራማት ስለ ዘለና፡ እዚ ናይ ጽርግያታትን ናይ መላግቦ መስመራትን ፕሮጀክት ኣብ 2014 ክጅምር'ዩ። ምስ ጀመረ ከከም ቀዳምነቱ ዝውዳእን ዘይውዳእን ክፈላለ ይኽእል እዩ። ገሊኡ መደባት ከኣ ናይ ግዳም ኩባንያታት ዝሰርሕኦ ስለ ዝኾነ፡ ወረቓቕተን ኣጻፊፈን ናብ ኮንትራት ምፍርራም ደረጃ በጺሕና ኣለና። ኣብ 2014 ክጅምርኦ ይኽእላ ድየን ወይስ ኣይጅምራን'ውን ሸው ዝረአ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ 2014 ክጅምር'ዩ ኣይንብልን።

***

**ናይ ኤለክትሪክ ሲቲ ቴክኒካዊ ጸገማት ንምፍታሕ ከምኡ እውን መመንጨዊ ንምዕባይ ጻዕርታት ክካየድ ጸኒሑ። ብዘይካ እዚ'ውን ንሱዳን ዘራኽብ መርበብ ክስረሓሉ ጸኒሑ፣ እዚ ኣበይ በጺሑ ኣሎ? ኣብዚ ቀረባ እዋን ንጽበዮ ለውጢኸ ኣሎ ድዩ?**

ብዛዕባ ኤለክትሪክ ኢንጅነር ኣብርሃም (ሓላፊ ኮርፖረሽን ኤለክትሪሲቲ) ኣቕዲሙ ብዙሕ መግለጺታት ሂብሉ ስለዘሎ ንዕኡ ክደግሞ ኣይደልን እየ። ግን ከም መዘኻኸሪ ከቕርቦ ዝደሊ፡ ጥሙሓት ናይ ኤለክትሪክ ምዕባይ ኩሉ ግዜ ናይ ጻዕዳ ሓርማዝ ፕሮጀክትታት እዩ ዝኸውን። ክሳብ ሕጂ ብዙሕ ዝደረተና ምኽንያታት ነይሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ክነዕብዮ እንተኼንና ከኣ ክሳብ ክንደይን ብኸመይን ኢና ክነዕብዮ? ምስ ኣዕበናዮኸ መወዳእታኡ ኣብ ምንታይ ኢና ክነውዕሎ" ማልስከ ንረኽበሉ ዲና? ዝብል፡ ክምለስ ዘለዎ ሕቶታት ኣሎ። ኣብ ብዙሓት ከም'ዚ ከማና ሕጂ ዝብገሳ ዘለዋ ሃገራት ንጃህራ ዝግበር ገጀፍቲ ግን ከኣ ክሳራታት ጥራይ ዘምጽኡ ፕሮጀክትታት ናይ ኤለክትሪክ ኣለዉ። ኣብ ሓንቲ ከተማ ጥራይ ክንዲ ዓሰርተ ናይ ሃገርና ዘለወን ኣለዋ። ንዓኣተን ርኢና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ንሕናኸ ክነዕብዮ እንድሕር ኮይንና ናበይ ኢና ክንከይድ? ካብ'ዚ ዘለዎ ነዕብዮ ዘይኮነ፡ ቅልውላው ከመይ ገይርና ንፈትሕ ኢና ንብል ዘለና። "ጀነሬተራት ደኺመን፡ ላሕሊሐን፡ ንሓድሕደን ተበላሊዐን፡ መሪተን. . ." ሓደ ሓደ እዋን'ውን "ነዳዲ ስለዝተሳእነ'ዩ" ተባሂሉ ይዝረብ ኣሎ። እቲ ሽግር ብቐንዱ እቲ ዝጸንሐ መመንጨዊ ተደማሚሩ እውን ካብ 80 ዋት ዝሓልፍ ዘይምኳኑ'ዩ። ኣብ ከባቢ በለዛ ዘለዋ እውን ብተመሳሳሊ። እዚ ውስጠ-ልጉብ "inter connected" ዝበሃል ስርዓት፡ ንተገልጋሊ ዝፈጥረሉ ዘሎ ጽዕነት'ውን ክስከም ዝኽእል ኣይኮነን። ብኡ ምኽንያት ፋብሪካ ስሚንቶ ደው ኢሉ ኣሎ። ካልኦት ብሰንኪ ምቁራጽን ዓቐን ምውራድን ካብ ኣገልግሎት ዓዲ ዝወዓላ ኣፍረይቲ ትካላትን ዋኒናትን ኣለዋ። ክነዕብዮ እንተ ኼይንና እውን፡ ዝኾነ ሰብ ዊን ከም ዝበሎ ክውስን

ዝኽእል ኣይኮነን። ንሓዋሩ ናብ ዝዓበየ ኣገልግሎት ክንከይድ እንድሕር ኰይንና፡ ዝሓሸ መመንጨዊ ከነተኣታቱ ክንክእል ኣለና። እዚኣቶም ጥንቑቕ ውሳነ ዘድልዮም ዓበይቲ ጉዳያት እዮም። ብዛዕባኦም ክሳብ ንውስን ግን ነዚ ሕጂ ዘሎ ጸገማት ከመይ ገይርና ነቓልሎ ክንብል ኣለና። ቅድም ቀዳድም ፋብሪካ ስሚንቶ ኣብ'ዚ መመንጨዊ ከይተጸግዐ ብቐጻልነት ዝሰርሕ ናይ ገዛእ ርእሱ መምንጨዊ ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ዕዳጋ ንዘሎ ጠለብ ናይ ስሚንቶ ብኽፊል ከማልእ ስለ ዝኽእል እቲ ናይ ቀደም ፋብሪካ ስሚንቶ'ውን ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ። ምናልባት ነቲ ጽዕነት ከፋኹሶ ይኽእል ይኸውን። ግን እዚ'ውን ፍታሕ ኣይኮነን። ስሚንቶ ምስ ኩሉ ናይ ህንጻ መደባትና ስለ ዝተኣሳሰር ቀዳምነትና እዩ። እዚ ዓቢ ፍታሕ ክትረክብ ወይ ከተምጽእ ቀሊል ስለ ዘይኰነ፡ እቲ ግዝያዊ ፍታሕ ነቲ ቀዳምነት ዝግብኦ ኣብ ጥቕሚ ከተውዕል ክትክእል ኣለካ።

ካልኣይ ቀዳምነትና ተሰነይ፡ ዓሊግድርን ከባቢኡን'ዩ። ኣስመራ ክውላዕ ንደሊ ንኸውን። ግን ብቐዳምነት ናይ ሕርሻ ፕሮግራማትና ክሰርዑ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ'ዞም ምሕድግ ዝበሉ ከባቢታት ነተኣታትዎም ዘለና ናይ ልምዓት መደባት ምስ'ዚ ውስጠ-ልጉብ ስርዓት ክለጋገቡ'ውን ስለ ዘይክእሉ፡ ብኣጠቓላሊ ብደረጃ ሃገር እንሕዞም ፕሮግራማት'ዮም። በበግዜኡ መድረኻዊ ኣድላይነት ወይ ጠለብ ከማልእ ዝኽእል ናይ ጸዓት መመንጨዊ ትካላት ከኣ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ።

ኣብ ምዕራብ ክሳብ በዓል ሃይኮታ - እንተ ተኻኢሉ ንምብራቕ ገጹ ዝኸይድ፡ ንበዓል ኦምሓጀር፡ ገርሰት፡ ፋንኮ፡ ተሰነይ፡ ዓሊግድር ዘጠቓልል ርእሱ ዝኽኣለ መርበብ ክህሉ ኣለዎ። ናይ ሰሜን ናብ ከባቢ በዓል ሂምቦል ዝኸይድ ርእሱ ዝኽኣለ መደብ ኣሎ። ኣገዳስነት ስለ ዘለዎ ቅድም ቀዳድም ንሱ ከም ፕሮግራም ክትግበር ክኽእል ኣለዎ። ናይ ዓሰብ'ውን ብግዚያውነት ነቲ ዝወሓደ ጠለባቱ ዘማልእ ናይ ገዛእ ርእሱ መመንጨዊ ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ረስናዊ መመንጨዊ ጥራይ ኢልና ንዛረብ ኣለና። ግና ናይ ንፋስ፡ ጸሓይ ከምኡ'ውን ካልእ ዝተፈላለየ መመንጨዊ ክህልዉ'ውን ስለ ዝኽእሉ መምስ ከባቢኡ ምስ ተተግበረ፡ ናብ'ቲ ዝዓበየ ሃገራዊ ዕማም ክንከይድ ንኽእል። ሕጂ ግን ፋብሪካ ስሚንቶን ምዕራብ ከባቢ በዓል ተሰነይ ዘሎን ነዚ ዓመት ናይ 2014 ነቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ንብሎም ናይ ልምዓት መደባትና ዘይሓንቀልና ፕሮግራማት ነተኣታቱ። ናይ ሕርጊጎ ተዓርዩ ተባሂሉ ኣሎ። ግና እቲ ናይ መመንጨዊ ብልሽት ሚእቲ ካብ ሚእቲ ተዓርዩ ክበሃል ስለ ዘይክእል፡ ተኣማሚንካ ክትሰርሕ ዝኽእል ኣይኰነን። ክሳብ ክንደይ ውሕስነት ኣለዎ ኣፍካ መሊእካ ሕጂ ክዝረብ ዝከኣል ኣይኮነን። እዞም ፕሮግራማት ምስ ተተግበሩ እንታይ እንታይ ሽግራት ከቃልሉ ከም ዝኽእሉ ሽዑ ይረአ። ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ሃገር ኣብ ጽዓት ዝምርኮስ ኣገደስቲ ዋኒናት ኣሎ። 24 ሰዓታት ድዩ 12 ሰዓታት ኣገልግሎት ክረክብ ዝኽእል እንተ ዘይኰይኑ፡ ከፍሪ ይኽእል ድዩ? እዚ ተጸጊኑ ዝበሃል ዘሎኸ ነዚ ጠለባት'ዚ የማልእ ድዩ?

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ነብሲ ወከፍ ጠለብ ዘቤታዊ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ብቐዳምነት ዝስራዕ ኣይኮነን። ብቐዳምነት ሃገራዊ ዋኒናት ክስራዕ ኣለዎ። እቲ ውስጠ-ልጉብ ንገዛእ ርእሱ ናብ 200 - 250 ክይደየበ ተኣማሚንካ ዝኾነ ዋኒን ከተካይድ ኣይከኣልን። ስለ'ዚ ከም ፋብሪካ ስሚንቶን ከባቢ ዓሊግድርን ተሰነይን ዝኣመሰሉ ፍሉያት ፕሮጀክትታት ጠለብ ኤለክትሪክ ብቐዳምነት ክረአ ኣለዎ። እቲ ካልእ ድማ ምስቲ ጠለባት እናተቐዳደምናን እናዓበናን ንኸይድ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ብዛዕባ ስትራተጅያዊ ሕርያና ኣብ ጸዓትን ኣገልግሎት ኤለክትሪክን እዚ'ዩ ኢልና ክንከይድ ንኽእል። ምስ ዝተፈላለየ መሻርኽቲ ንዛረበሉ ዘለና ኣርእስቲ እዩ። ናይ ምወላ ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ምውሳን እቶም እነተኣታትዎም ዓይነት መመንጨዊ'ውን ጥንቃቐ ስለ ዘድሊ ነዚ እናማላእናን መድረኻዊ ፍታሓት እናገበርናን ክኸይድ ይኽእል።

ፈብሪካ ስሚንቶ እንተ ድኣ ካብ መጋቢት ክሳብ ግንቦት ምሉእ ብምሉእ ክሰርሕ ይኽእል’ዩ ተባሂሉ፡ ናይ ውሽጡ ጠለብ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ከማልእ ስለ ዝኽእል ናይ ህንጻ ፕሮግራማትና ብሕጽረት ስሚንቶ ኣይክኹለፉን እዮም፡ ኢልካ ክትውጥን ትኽእል። ናይ ሕርሻን ልምዓትን ፕሮግራማት እንተ ተዋዲዱ’ውን ብኡ መጠን ክትውጥን ትኽእል። ስለ’ዚ ንተስፋ ኢልካ እትፈጥሮ ዘይጭበጥ ትጽቢታት ንገዛእ ርእሱ ሃስያታት ከኸትል ስለዝኽእል፡ ሰብ  ክፈልጥ ክኽእል ኣለዎ። ዝረኽቦን ዘይረኽቦን ኣገልግሎት ክፈልጥ ክኽእል ኣለዎ። እቶም ዝምልከቶም ኣካላት ከኣ፡ እቲ ሓቂ ክነግሩ ይግባእ። ሰብ ከኣ ብመጠን ዝረኽቦ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ሕሳቡ ይገብር።

**እዚ ካብ ሱዳን ክዝርጋሕ ዝበሃልከ፡  ክንደይ ካብ’ዚ ንብሎ ዘለና ክሸፍነልና ይኽእል?**

ናይ ሱዳን ንሕና ብዙሕ ክንጥቀመሉ ኣይኰንናን። ኩልና ኣብ ገነት ንሰፍር እንተ ንኸውን ነይርና፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ፍሉይ ዘቤታዊ ውጥን ትርጉም ኣይምሃለዎን። ምናልባት ብደረጃ ኢጋድ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ጎረባብቲ፡ ጎዶቦ. . . ውጥን ከተውጽእ ከለኻ’ዩ፡ ዝያዳ ቁጠባዊ ዝኸውን። ኣብ መንጎ ሃገራት ዝግበር ሓድሕድ ናይ ትሕተ-ቕርጺ፡ ጸዓትን ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ምምልላእ ብልጫ እምበር ክሳራታት የብሉን። ሲነርጂ ኣለዎ። ኣብ ዝሓለፈ ተመኩሮታትና’ውን ብዙሕ ተማሂርና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ምስ ጎረባብቲ ዝህልወና ዝምድና፡ ኣብ ምምልላእ ዝተመርኮሰ ክኸውን ኣለዎ። ከመይ ገይርና ንመላላእ’ዩ እቲ ዋና ነገር። እዚ ሕጂ ዝግበር ዘሎ ድማ ገጂፍ ናይ ጸዓት ሽግር ክንፈትሕ ኣይኰንናን። ምስኡ ዝተኣሳሰር ሓደጋታት ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ኢድካ ዘየለ፡ ዘይትቆጻጸሮ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ነፍሲ ወከፍ ሃገር ናቱ ልኡላዊ ውሳነ ስለ ዘለዎ ክትሰማማዕ ከለኻ፡ ርጉጽ ኣገልግሎት ዝህበካ ክኸውን ኣለዎ። ግና ኣለጋጊብናዮ ንጸንሕ። እዚ ስክፍታታት ንጸግዒ ገዲፍና ብጽቡቕ ድሌት ጥራይ ናይ ምትሕግጋዝን ናይ ምምልላእን መደባት ከነተግብር ኢልና ተበጊስና። ኣብ ክንዲ ዘረባን ፖሊስታትን ጥራይ ዝኸውን ብጭብጢ እንታይ ክንገብር ንኽእል። ናይ ሱዳንን ናትናን ሃገራዊ መርበብ ነንበይኑ ኣተሓሕዛን ኣበጻጽሓን ኣለዎ። ደረጃ ምዕባለታቱ’ውን ይፈላለ እዩ። ንሕና ረስናዊ መመንጨዊ ንጥቀም ንሳቶም ምናልባት ማያዊ ይጥቀሙ። ናቶም ብልጫታት ርኡይ ይኸውን፣ ናትና ብልጫታት ከኣ ኣለና። ኣብ መወዳእታ ግን ክልቲኡ መርበባት ኣብ ምዕራብ ከነላግቦ ክንክእል ኣለና። ኣብዚ ክንደይ ዋት ክንረክብ ንኽእል? ክንደይከ ክንከፍለሉ ኢና? ዝብል ሕቶ ኣሎ። ነዚ ሕጂ ዘሎና ረስናዊ መመንጨዊ ጸዓት ንሓንቲ ኪሎዋት ብውሑዱ 25 ሳንቲም ናይ ዶላር’ዩ። እዚ ኣዝዩ ክቡር እዩ። በዚ ዋጋ’ዚ ድማ ክትዕድግ ክትሓስብ ኣይትኽእልን። ምናልባት ምስ ዓይነት ናይ ዝካየድ ወፍሪ ካብ ሃገር ናይ ሃገር ክፈላለ ይኽእል፡ ማያዊ መመንጨዊ ካብ 8 ክሳብ 10 ሳንቲም ክበጽሕ ይኽእል ይኸውን። ካብኡ ንታሕቲ’ውን ክኸውን ይኽእል። ስለ’ዚ እንድሕር ካብ ሱዳን ኰይንና፡ እቲ ዝሓቱና ዋጋ ምስ መዓላና የወጻጽኣና ድዩ? ክንብል ኣለና። ነብሲ ወከፍ ዓቕን ነዳዲ ንምንታይ መዓላ ተጠቒምካላ ክትፈልጥ ኣለካ። ብዛዕባ እዚ እናሓሰብና፡ ሕጂ ግን ከይተሰከፍና ነቲ መስመረ ነላግቦ ኢልና። ካብ 60 - 65 ኪሎሜተር ዝኸውን መስመር ዘርጊሕና ምስ’ቲ መርበብ ከነላግቦ ኢና፡ ንብል ኣለና። ምናልባት ሎሚ ዓመት ይጅምር ይኸውን። ምስ ተላገበ ግን ምስ’ዚ ዘለና ውሽጠ-ልጉብ ክላገብ ኣይክእልን’ዩ። ኣብ’ዚ ከባቢን ኣብ ተሰነይን ዘሎ ኤለክትሪክ ዘላግብ መስመር የብሉን። ኰይኑ ግን እቲ መስመር ተላጊቡ ይጸንሕ። ዋና ነገር ከኣ ናይ ምምልላእን ምትሕግጋዝን መንፈስ ምስራጽ ጥራይ ዘይኰነ፡ ንኽምኡ ባይታ ዝፈጥር ተጨበጥቲ ፕሮግራማት ምትግባር እዩ። እዚ ድማ ምናልባት ኣብ 2014 ክጅምር እንድሕር ኰይኑ፡ ምስኡ ዝኸይድ መሳለጥያታት ስለ ዘሎ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ኣብ መዓላ ንኽውዕል ግዜ ዝወስድ’ዩ። ገጅፍ ሽግር ክፈትሓልና ኢልና እንኣትዎ ዘለና መደብ ከም ዘይኰነ ምርዳእ ከኣ ጽቡቕ’ዩ።

**ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ኣገልግሎታት ኢንተርነትን ተለፎንን ሓደ ካብ ቀንዲ ቁጠባውን ትምህርታውን መሳለጥያታት'ዩ። ትጽቢት ዝግበረሉ ዕብየት ንምእንጋድ፡ ነቲ ዘሎ ቴክኖሎጂ ንምምዕባል፡ ብዝሒ ናይ ባንድ ንምስፋሕ እንታይ ይሕሰብ?**

ቁጠባዊ ኢልካ ክትዛረብ ብዙሕ ዝከኣል ኣይኮነን። ሓበሬታ ጽቡቕ'ዩ። ብእኡ ዝሳለጥ ቁጠባ ኣሎ። በዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ኮርፖረሽናት ፍልስፍናን ቁጠባታትን እቲ ሓቅን እቲ ዝበሃልን ክልተ ዓለማት'ዮም። ኣበየናይ ከም እትጥቀመሉ ምፍላጥ የድሊ። ኢንተርነት ንዘይጭበጥ ንዘየለ ነገር ኣሎ ይብለካ። ብኢንተርነት ሰብ ከተጋጊ ንዘይረብሕ ከም ዝረብሕ ገይርካ ከተቕርቦ ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት ግን ኣብ ናይ ብሓቂ ቁጠባታት ኣገልግሎት የብሉን ማለት ኣይኮነን። ዘለናዮ ዘመን - ዘመነ ሳይበር እዩ። እቲ ኩሉ ብኢንተርነት ዝመጽእ ረብሓ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዘምጽኦ ጸገማት'ውን ቀሊል ኣይኮነን። ወላ እተን ዓበይቲ ዝበሃላ ሃገራት'ውን ንኣጠቓቕምኡን ዝውታረኡን መቆጻጸሪ እናብዝሓሉ እየን ዝኸዳ ዘለዋ። ንሕና ምቁጽጻር ዘይኮነስ ነተን ዝርካበን ኣገልግሎታት ኣብ መዓላ ከነውዕለን ምእንቲ ብፋይበር ኦፕቲክ ክይተላገበ ገፊሕን ስሉጥን ኣገልግሎት ክህብ ኣጻጋሚ'ዩ። ምስ መሻርኽቲ ኩባንያታት ቻይና ንሰርሓሉ ኣለና። ምስ'ቲ ብቐይሕ ባሕሪ ዝኸይድ ዓቢ ጎደና ናይ ፋይበር ኦፕቲክ ክንላገብ ክንክእል ኣለና። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝህሉ መርበብ ናይ “ፋይበር ኦፕቲክ” ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ወላ ኣብ'ቲ ምሕድግ ዝበለ ከባቢታት መድረኽ ብመድረኽ ከም ዝበጽሕ ገይርካ፡ ምስ ዘርጋሕካዮ ምስ'ቲ ዓለማዊ ጎደና ተላጊቡ ስሉጥ ኣገልግሎትን ይህልዎ። ምስ'ዚ ዘለናዮ ደረጃ ቁጠባ ግን ወላ እንተ ተረኺበ እንታይ ክትገብር ትኽእል! ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ዋኒናትን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ እንተ ዘይበጺሖም ኢንተርነት እንታይ ክትጥቀመሉ ትኽእል? ናይ ኣየር መጓዓዝያ ብኸንደይ ነቀይነቀይ ዝኸይድ ዘሎ'ዩ፡ ናይ መሬት መጓዓዝያ የለን፡ መጓዓዝያ ማይ'ውን ብትራንስሺፕመንት ኢና ንኸይድ ዘለና። ሕርሻና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ኣፍራይነት በጺሑ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን፣ ናይ ባሕሪ ጸጋታትና ከም'ቲ ዝድለ ሓያል ኣበርክቶ ዝገብር ጽላት ገይርና ኣየማዕበልናዮምን ዘለና። እቶም ናይ ብሓቂ ቁጠባታት ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ኣይበጽሑን። ብኢንተርነት ጥራይ ብንፋስ ጥራይ ተኣምራት ቁጠባዊ ዕብየት ክተምጽእ ኣይከኣልን'ዩ። ጭቡጥ ነገር ክህልወካ ኣለዎ። ነዚኣቶም ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ምስ ኣብጻሕካ፡ መራኸቢታት ወይ ሓበሬታ መሳለጢ ክኾነካ ይኽእል። የቀላጥፍን ከም መሳለጢ የገልግልን እምበር ጭቡጥ ቁጠባ ከምጽእ ኣይክእልን'ዩ። ዝኾነ ኮይኑ ግን ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ዕብየት ቁጠባ ናይ ዝተፈላለየ ጽላታት ንበጽሕ፡ እቲ መስመር ክህልወና ክኽእል ኣለዎ። ነቲ ምስ ዓለም ዘራኽበና ጎደና ድማ ኣብ 2014 መደብ ተሰሪዑሉ ኣሎ ክንብል ንኽእል። እዚ ግን ንበይንና ንውስኖ ዘይኮነስ፡ ምስ መሻርኽትና ኩባንያታት ዝተኣሰሰር'ዩ።

**ናብ መዳይ ጥዕና ንምስጋር ብመንጽር ሽቶታት ሚለንዩም ንኤርትራ ርኡይ ምዕባለ ከምዘመዝገበት ተመስኪሩላ እዩ። ይኹን'ምበር ዜጋታትና ኩሉ ግዜ ጽቡቕ ኣገልግሎት ሕክምና ንምርካብ ንወጻኢ ይኸዱ ኣለዉ። ምስዚ ዝተኣሳሰር ጥዕናዊ ቴክኖሎጂ ንምምዕባል እንታይ ዝተታሕዘ መደብ ኣሎ?**

ኣብ'ዚ ናይ ሚልየንዩም ግሎባል ዝበሃል መለክዒታት እንተዘየድሃብና ዝሓሸ'ዩ በሃላይ'የ። ምኽንያቱ ካልኦት ባጀላ ሂቦሙና ምባል ርእሰ መጎሰ እዩ። ብሓፈሻ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ኣበይ ደረጃ በጺሑ ኣሎ'ዩ እቲ መዐቀኒ። እናተጋደልና ብኣጋር ሓካይም ኣብ'ቲ ኣዝዩ ጽጉም ከባቢትታት እናኣተኻ ኣገልግሎት ጥዕና ምሃብ ስለ ዝነበረ፡ እዚ ናይ ሕጂ ድማ ናቱ መቐጸልታ'ዩ። ከም'ቲ ዝድለ እውን ኣይማዕበለን። ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ኣብ ኣዝዩ ውሱን ከባቢታት ጥራይ ኣገልግሎት ጥዕና ምዝርጋሕ ኣይኮነን እቲ መለክዒታት። በቲ ኣብ ምሕዱግ ከባቢታት፡ ኣገልግሎት ዘይረክብ ከባቢታት እተቐርቦ ኣገልግሎታት እዩ ክልካዕ ዘለዎ። ሓቒ'ዩ ንዓሶን ካልኦት ሕማማትን ብዝምልከት ግሎባዊ መለክዒታት ኣማሊእና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ግና ንሱ ከጋግየና የብሉን። ምስ ካልኦት ብምውድዳር፡ መንፍዓትካ ብሕመቕ ናይ ካልኦት እንተድኣ ተመስክሮ ኼንካ ጌጋ'ዩ። እቲ ዋና ነገር ናይ ንነብስኻ መለክዒ ክህልወካ ኣለዎ። ጽቡቕ ክንከይድ እንተ ጸናሕና'ኳ፡ ከም'ቲ ዝደለናዮ ከይድና ኣይብልን። ኣብ ዝርግሐ ናይ ኣካላት ወይ መሓውር፡ ብቕዓት ሰባት፡ ኣገልግሎት፡ መሳለጥያታታት. . . ከም'ቲ ዝድለ ይኸይድ ኣሎ ዝብል ኣረኣእያ የብለይን። ኣብ ርሑቕ ቦታታት፡ ጽርግያ፡ መብራህቲ፡ ጽሩይ ማይ ዘይብሉ ከባቢታት ዘሎ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት እንታይ ይመስል'ዩ እቲ መለክዒ። ስታትስቲክስ እናኸሻሸንካ ዝግበር ጸብጻባት እንተ ዘየድሃብናሉ ይሓይሽ። ኣብ ዓይነት ናይ'ቲ ኣገልግሎት ቱኽረት ብምግባር መለክዒታትና ባዕልና ኣበሪኽና ናብኡ ገጽና እንተኸድና ይሓይሽ። ብዝሰራሕናዮ እምበር ንሳቶም ብዝገበርዎ መለክዒታት ወይ ብዘቕረብናሎም ጸብጻብ ዝምዘን ኣይኮነን። ብቐንዱ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብና ከነድህብ ክንክእል ኣለና። መሳለጥያታት፡ ናውቲ ይኹን ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ናይ ሰብ ጸጋ ዝምርኮስ እዩ።

እዞም ንደገ ዝስደዱ ዘለዉ ብውሱን ቁጽሪን ንኣዝዮም ከበድቲ ሕማማትን እዩ። ስለምንታይ ነዞም ሕማማት ዝፍውስ ብቕዓት ዘይህልወና፡ ስለምንታይ ዓቕሚ ሰብና ኣብ'ቲ ደረጃ'ቲ ዘይበጽሐ? መሳርሒታትና ስለምንታይ ማዕረ'ዞም ከበድቲ ዝበሃሉ ዘለዉ ሕማማት ዘይከደ? ኢልና ክንስከፍ የብልናን። ንኹሉ ዓይነት ሕማማት ዝፍውስ ክእለት ክህልወና'ዩ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ኣገልግሎትና ብእኡ ክልካዕ'ውን ኣይክእልን። እንተ ተደልየ'ውን መሳለጥያታትት ኣምጺእካ ጥራይ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታ ኣብ ጸጋታት ሰብ ዝምርኮስ ስለ ዝኾነ ክኢላዊ ዓቕሚ ነፍሪ ኣለና። ሕሙማት ኣብ ምውሓድን ሕማማት ኣብ ምቁጽጻርን ጽቡቕ ከይድና ኣለና ክንብል ንኽእል ኢና። ግን ሚእቲ ካብ ሚእቲ ተኣማሚንና ንዛረበሉ ኣይኮነን። ዓቕምና ስለ ዘየፍቀደ ናብ ደገ ከይዶም እንተ ተሓከሙ፡ 'መርኣያ ናይ ድኻምና'ዩ' ኢልና መደምደምታ ክንወስድ የብልናን።

**ስሉጥ፡ ጽፉፍን ኣድማዕን ውዳበን ምሕደራን ንምርግጋጽ ኣብ 2013 ዝተጀመረ ናይ ዳግመ ስርርዕ መደባት ኣሎ። ኣብ 2014 ብኸመይ ክቕጽል እዩ?**

ናይ ሰባት ምቅይያር ኣይኮነን እቲ ሕቶ። ስርዓታት ምስ ዝተቐስመ ተመኩሮ ክራቐቑን ክመሓየሹን ኣለዎም። ምሕደራ ማለት ናይ ምውዳብ ስርዓት ዳይናሚክ'ዩ። ብዛዕባ ምቅይያር ናይ ሰባት ቅድሚ ምሕሳብ ብቕዳምነት እቲ ስርዓት ይከለስ። ንመጻኢ ከስርሕ ዝኽእል ኣወዳድባ ብኸመይ ክቐረጽ ኣለዎ ተባሂሉ ንድሬ ካብ ዝቐርብ ዳርጋ ዓመታት ገይሩ። ብፍላይ ኣብ ዞባታት እቲ ቅርጺ ተወዲኡ ኣሎ። ሓፈሻዊ ዓስከሬኑ ተሳኢሉ ነብሲ ወከፍ ክፋል መግለጺታት ተገይሩሉ፡ ሰብ ኣብ ዝምደበሉ እዋን ብእኡ ክምራሕ'ዩ። ኣብ'ቲ ውዳበ ናይ ዘለዉ ሰባት "ሲነርጂ" ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። እቶም መግለጺታት ስራሕ ኩሉ ሰብ ከም ዝርደኦም ኰይኖም ክመሓየሹ ምእንቲ ኩሉ ሰብ ክሳተፍ ክኽእል ኣለዎ። ርእይቶታት ተዋሂቡዎ ድማ ነቲ ቅርጺ ኩሉ ሰብ ይፈልጦን ይምራሓሉን። ኣብ'ዛ ወርሒ ክውዳእ ተባሂሉ

ኣይተወደአን። ሕጂ ግን ናይ ሰሙናት ጉዳይ ኰይኑ'ዩ ዝረኣየኒ። ከመሓየሽ እንተ ዀይኑ ድማ ኣብ ውሽጢ'ቲ ስራሕ ዝወዓለ ሰብ እማመ ከቕርብ ክኽእል ኣለዎ። እማመኡ ከም መበገሲ ክኸውን ይኽእል። ናይ ካልኦት ርእይቶ'ውን ይውሰኾ። እቲ ቅርጺ ኣብ ወረቐት ምስ ተነድፈ'ውን ጽባሕ ንጉሆ ዘየድሊ ምፍሕፋሕን ምብኻን ጸዓትን ንኸይመጽእ፡ ኣብ ነንሓድሕዱ ዘሎ ምምልላእ ብኸመይ ተመሓይሹ ክውደብ ከም ዘለዎ ምስ ተወደአ ድሕሪኡ ምውዳብ ናይ ሰባት ይመጽእ። እዚ ድማ እንተደንጎየ ኣብ'ዚ ቀዳማይ ፍርቂ ናይ 2014 ክውዳእ ኣለዎ። ብድሕሪኡ ኣብ 2014 ዝወጹ መደባት እንድሕር ሃልዮም ከኣ በቲ ዝተወደበ ዓቕምታት ብኸመይ ትሰርሓሎም ክረአ'ዩ ማለት'ዩ።

**ኣብ ዝሓለፈ ቃለ መጠይቕ ምሕያል ግንባር ሓደ ካብ መደባት ናይ 2013 ምዃኑ ገሊጽካ ነይርካ። ክሳብ ሕጂ እንታይ ተተግቢሩ ኣሎ። ከምኡ'ውን ኣብ ፖለቲካዊ ህንጸት ናይ'ዛ ሃገር እንታይ ዝተታሕዘ መደባት ኣሎ?**

ኣብ'ዚ ሃገር ብዘይ ናይ ህዝባዊ ግንባር ፖለቲካ፡ ካልእ ፖለቲካ ኣሎ ዝብል ሰብ ኣሎ እንድሕር ኰይኑ ካልእ ዓለም ክደሊ ይኽእል'ዩ። ከምኡ ክኸውን እንድሕር ኰይኑ ከኣ፡ እቲ ግንባር ተመኩሮኡ ክግምግም ክኽእል ኣለዎ። ብናይ ቀደም ዝና፡ ብናይ ቀደም ኣሰራርሓ፡ ብናይ ቀደም ዓይነት ኣከያይዳ ክትነብር ኣይትኽእልን ኢኻ። እቶም መሰረታት ኣብ ቦታኦም ክህልዉ ይኽእሉ'ዮም። ሓድሽ መድረኻት ኣብ ዝእተወሉ ግን ብማዕሪኡ ክሕይል ክኽእል ኣለዎ። ብዛዕባ መጻኢ ፖለቲካዊ ዕድል ናይዚ ሃገር ብዙሕ ክዝረብ ይኽእል ይኸውን። ብዘይካ መማእዘንን ኣላይን ሓይሊ፡ ዝኾነ ዝሰርሕ ነገር የለን። ዝዀነ ናይ ቁጠባ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ፖለቲካዊ ፕሮግራማት፡ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝካየዱ ንጥፈታት ናይ'ቲ ግንባር ምሕያል እንተ ዘይሃልዩ ዝዀነ ስራሕ ክሰርሕ ኣይከኣልን። ናይ'ቲ ግንባር ኣሰራርሓ፡ ኣወዳድባን ኣበርክቶን ከይሓየለ ዝሕሰብ ካልእ ነገር የለን። ነቲ ውዳበ ድማ ኣብ መሰረታት ክንጅምሮ ኣለና። ብደረጃ ከባቢ፡ ዓዲ፡ ንኡስ ዞባ፡ ዞባ ኣብ ዘሎ ኣወዳድባ ንቕሓትን ሱታፌን ህዝቢ ከተሕይል ክትክእል ኣለካ። በቲ ዝለዓለ ደረጃ ካብኡ ንላዕሊ እናደየበ ክኸይድ ምእንቲ ንዕኡ ዘረጋግጽ ክለሳ ክግበር ክኽእል ኣለዎ። መትንታት ይኹን ዝተፈላለየ ናይ'ታ ሃገር ሂወት ብኸምኡ ክውደብ እንተ ዘይተኻኢሉ ዝዀነ ካልእ መተካእታ ከተምጽእ ኣይትኽእልን። ስለ'ዚ ግንባር ክሕይልን ውዳበኡ ካብ መሰረት ክመሓየሽን ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ዞባታት፡ ሚኒስትሪታት፡ ማሕበራት ዘሎ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን'ውን ብሱሩ ክመሓየሽ ኣለዎ። ምስ ሓድሽ መድረኻት እናተመሓየሸ ዝኸይድ ጥራይ ዘይኰነ፡ ንዝመጽእ መድረኻት'ውን ክስከም ከም ዝኽእል ኰይኑ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ክትዛረበሉ ቀሊል፡ ኣብ ግብሪ ክተስርሖ ግን ግዜ ዝወስድ እዩ። ካብ'ዚ ወጻኢ ከም'ቲ ፋሽን ኰይኑ ዘሎ ዘረባታት ደሞክራሲ፡ ብዙሕነት ናይ ሰልፈታት ዝኣመሰለን ካልእን ኣብ'ዚ ሃገር ክመጽእ'ዩ ኢሉ ዝሓስብ እንድሕር ኣሎ ዀይኑ፡ ኣብ ካልእ ዓለም ኰይኑ ክሓስብ ክኽእል ኣለዎ። ብሓቂ ድኽመታት ኣለዉ፣ ጸገማት ኣለዉ፣ ብዙሓት ሽግራት ኣለዉ። እዞም ድኽመታት ተፈዊሶም እቲ ግንባር ብዝሓሸ ከገልግል ኣለዎ።

እቲ ግንባር'ምበኣር መገልገሊ ናይ'ቲ ፖለቲካዊ ምዕባለ ናይቲ ሃገር ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ነገር ጽቡቕ'ዩ ክንብል ኣይንኽእልን። ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ስለ ዝተመኮርናሉን ከምኡ ኢልና ስለ ዝዓበናን ዘይስገር ኣይኰነን። እዚ ግንባር ብፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ. . . ብቕዓት፡ ማዕረ ማዕረ ምዕባለ ክኸይድ ኣለዎ። ምኽንያቱ ንኹሉ ከማእዝን ስለ ዘለዎ። ኣብ'ዚ መዳይ ዓሚ ክኸውን ዝነበሮ ተጎቲቱ። ኣብ 2013 ክውድኡ ዝነበሮም ኣይተወድኡን። ምናልባት ኣብ 2014 ይውድኡ ይኾኑ። ድልየት ጥራይ ዘይኰነ እዚኦም ተጨበጥቲ ነገራት ኣለዉ ኢልና ክንዛረብ ክንክእል ኣለና። እታ ናይ መወዳእታ ፍልስፍና፡ ትምህርቲ ናይ ፖለቲካ ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ንቕሓት ውዳበ ዕጥቂ እዩ። ሱታፌ ናይ ህዝቢ'ውን ኣብ ንቕሓት ዝተመርኮሰ ክኸውን ኣለዎ። ከይፈለጥካ ከይተረደኣካ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ዝሓለፈ ዘመናት ብኸምኡ እዩ ተሓሊፉ። ፍልጠት መሰረት ንቕሓት'ዩ። ድሌት ሱታፌን ናይ ሰባት ተወሲኹ ውዳበ ይመጽእ። ውዳበ እንተ ዘየለ ዝዀነ ዕላማ ወይ ብስትራተጂ ተጨባጢ ክኸውን ኣይክእልን። ስለ'ዚ ዕጥቂ ክህልወካ ኣለዎ። ዕጥቂ ማለት ከኣ ጠመንጃ

ጥራይ ኣይኮነን። ኩሉ ዓይነት ዕጥቅታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክትሰርሕ ኣለካ። እዚ ከየረጋገጽካ እቲ ግንባር ንዝመጽእ ዓመታት ብግቡእ ክሰርሕ ይኽእል'ዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣይከኣልን እዩ። እዞም ክዕረዩ ዘለዎም ኩሉ ሰብ ዝፈልጦም ስለ ዝኾነ ኣብ ገስጋስ ኢና ክንዛረብ ዘለና። ኣብ 2014 እንታይ ተገይሩን ኣይተገብረን ኣብ መወዳእታ ክንርእዮ ኢና። እቶም ኣብ 2013 ዝተወንዘፉ ግን፡ ናይ ግድን ኣብ 2014 ክመጹ ክኽእሉ ኣለዎም።

**ዓቕሚ ሰብ ናይዚ ሃገር ንምፍላስ፡ ኣውራ ድማ መንእሰያት ንምስዳዕ ክካየድ ዝጸንሐ ሽርሒታት ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ'ውን ብሰፊሑ ገሊጽካዮ ነይርካ። ሃሰያ'ውን ኣይነበሮን ክበሃል ኣይከኣልን። ነዚ ሽርሒ'ዚ ብኣድማዕነት ምምካት ምእንቲ ክከኣል፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዕድላት ናይ ትምህርትን ሽቕለትን ብምስፋሕ ኮነ መንእሰያት ብምሕያል ውሽጣዊ ዕግበት ንምፍጣር እንታይ ይሕሰብ?**

ብትምኒት ኢና ንዛረብ ዘለና። ሽርሒ የለን ማለት ኣይኮነን። ብዓለም ደረጃ ሽቕለት ኣልቦነት ኣብ ከመይ ደረጃ ኣሎ? እንድሕር ኢልና ኣብ ስጳኛ፡ ግሪኽ፡ ፖርቱጋል፡ ዓዲ ጥልያን . . . ኮታ ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ኤውሮጳ ዘሎ ሽቕለት ኣልቦነት ኣብ ኣሰንባዲ ደረጃ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ስለ'ዚ በየናይ መንገዲ'ዩ ሓደ ሞያ ዘይብሉ፡ ትምህርቲ ዘይብሉ ሰብ ናብዘን ሃገራት ከይዱ ስራሕ ክረክብ ዝኽእል? ኣብ ኣመሪካ እንተኾነ'ውን ብተመሳሳሊ። እዚ ጸገም ንዓና ጥራይ ዝጸሉ ኣይኮነን። ኣብ ሱዳን'ውን ይትረፍ ከም'ዞም ናህና ካልኣይ ደረጃ ጥራይ ዝወድኡ ዘይኮኑ፡ ኣብ ብሉጻት ዩኒቨርስታት ብድረጃ ዲግሪ ተመሪቖም ዓዲ ዝገድፉ ዘለዉ 60% እዮም። እዚ ኣሰንባዲ ኣሃዝ'ዩ። ናትና ከም'ዚ ኣይኮነን።

እቲ ጸገም ብሓንቲ ሞያ ኣብ ዓዲ እትረኽቦን ኣብ ደገ እትረኽቦን ደሞዝ ነንበይኑ ስለ ዝኾነ፡ ናብ ደገ ትኸይድ። ኣባና ዝያዳ ሓደገኛ ዝገብሮ ውዱብ ሽርሒ ስለ ዘሎ'ዩ። ሽርሒ ብፍርሒ ማለት እዩ። እዚ ሃገር እንድሕር ቀሲኑ፡ እንድሕር ደኣ መንእሰያት ኣብ ዓዲ ረጊኦም፡ ሰሪሖም ቁምነገር እንድሕር ገይሮም ንብዙሓት ኣብ'ዚ ከባቢ ዘለዉ ሓይልታት ስግኣት'ዩ። እቲ ሽርሒ ድማ ነዚ ከመይ ገይርካ ፋሕ ፋሕ ኣቢልካ ተዳኽሞ'ዩ። እዞም ዝኸዱ ዘለዉ ድማ ኣዝዩ ልዑል ሞያ ስለ ዘለዎም ኣይኮኑን ዝኸዱ ዘለዉ። ብውዱብ መንገዲ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ኣኽፊሎም ይወስዱኻ። ኣብ ፈቖዶ ሃገራት ፋሕፋሕ ኢልካ ዘርሞ ዘርሞ ትተርፍ። እምበር ሰሪሑ ቁምነገር ዝረክብ እንተ ዝኸውን ኣይምኸፍኣን። ልዕሊ ኩሉ ድማ እዚ ዝመሃር ዘሎ ሰብ ብጥርሑ'ዩ ዝመሃር ዘሎ። እቲ ተማሂሩ ሞያ ዝሓዘ ሰብ ብናይ ህዝቢ ሃብቲ ደኣ'ምበር ብናይ ውልቀ ሰባት ሃብቲ ኣይኮነን ተማሂሩ። ስለዝኾነ ንህዝቢ፡ ንስድራኡ፡ ንሃገር ክኸሕስ ምተገብአ። እታ ሃገር ጽባሕ ንግሆ ክትጥዕሞ እንተድኣ ኮይና፡ ክሃንጻ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ቅሉዕ ስርቂ'ዩ። እቲ ዘይተማህረ ዘይኮነ ከኣ፡ ህዝብን መንግስትን ብጸጋታቱ ዘምሃሮ መንእሰይ እዩ እቲ ዝኸይድ ዘሎ። ህዝቢ 12 ዓመትን ልዕሊኡን ብጥርሑ ኣምሂሩ፡ ኣብ ደረጃ ዘብጽሖ ሰብ ንደገ እንተ ከይዱ ነዚ ሃገር ክሳራ'ዩ። እቲ ዝኸይድ ዘሎ ሰብ ንገዛእ ርእሱ'ውን መጻኢ ዕድሉ ኣየውሓሰን። ኣብ መዓስከራት ናይ እስራኤል ዝነብሩ ዘለዉ፡ ካብኡ ዝኸፍአ ዘስካሕክሕ ትርኢት ኣሎ ክትብል ኣይትኽእልን። ኣብ ካልኦት ከተማታት ኤውሮጳ ዘለዉ'ውን ዝጠቅም ሂወት የሕልፉ ኣለዉ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን።

እቶም ሓደ-ክልተ ዘብለጭልጭ ዝመስል መነባብሮ ኣለና ዝብሉ ኤርትራውያን ይኹኑ ዘይኤርትራውያን፡ ኣብ'ቲ ሽርሒ ኣትዮም ክበታትኑ ዝሰርሑ ውልቀ ሰባት'ዮም። ሕጂ ግን ሰዓቱ ኣኺሉ እዩ። ዝተፈተነ ተፈቲኑ እዩ። ኣብኡ ከይድካ ትረኽቦ ነገር የለን፣ ውሕስነትን ቀጻልነትን የብልካን፣ ስለ'ዚ ንዓድኻ ተመለስ እዩ ክበሃል ዘለዎ። ንሳቶም ስለ ዝኸዱ ኣብ'ዚ ብዙሕ ዝጎድል ነገር የለን።

ልቡ ሰንኮፍ ዝኾነ ሰብ፡ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ኮፍ ኢሉ ሰንፈላል ኰይኑ ክነብር ደኣ’ምበር ነቲ ዓዲ ዘበርክቶ የብሉን። ደገ ከይዱ’ውን ዝሰርሖ የለን። ኣብ’ዚ ብሰንኪ ናቱ ዝተርፍ ስራሕ’ውን የለን። ኣብ መስርዕ ዘየድልየካ ሰብ እንድሕር ኣሎ ጾር’ዩ ዝኾነካ። ክእለየልካ ከሎ ይሕሸካ። ፍርቂ ልቡ ንደገ ፍርቂ ልቡ ኣብ’ዚ ሃገር ዝኾነ ሰብ ድማ ሰሪሑ ከፍሪ ስለ ዘይኮነ ንኽዕርፍ ኢኻ ትምነየሉ እምበር፡ ንሃገር ይኹን ንህዝቢ ዘበርክቶ ሓገዝ የብሉን። ማዕዳ ሕማቕ ስለ ዘይኮነ፡ ተፍርዮ ስለ ዘይብልካ ሃውቲትካ ከይትተርፍስ ዓድኻ እንተ ተመለስካ ይሕሸካ፡ ሕጂ ትኸስሮ ዘለኻ ጽባሕ ንግሆ ከተምልሶ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለ’ዚ ጽባሕ ዘጣዕሰካ ነገር ኣይትግበር ምባል ጥራይ’ዩ። እቲ ንኽጽይቕ እዛ ሃገር ወላ ተረሚሳ ትጥፋእ ኢሉ ንኽፉእ ኣንቂዱ ዝኸይድ ዘሎ ከኣ፡ ንስኻ ደኣ ብኡ ገይርካ ትጠፍእ እምበር፡ ትምኒትካ ዳርጋ ኣብ ንፉስ በኒኑ ክተርፍ እዩ ጥራይ ኢኻ ትብሎ። ነቲ በጻብዕ ዘይቖጸር ንኻልኦት ዘሀውትት ዘሎ፡ መጋበርያ ናይ ግዳም ሽርሕታት ዝኸውን ዘሎ ዘይፈለጥናዮ ነገር የለን፣ ብዙሕ ኢና ተማሂርና ክትብሎ ትኽእል ኢኻ።

**ክቡር ፕረዚደንት ናብ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ጉዳያት ክንሰግር - ንኤርትራን ኢትዮጵያን ንምቅርራብ ዝካየድ ናይ ዕርቂ ፈተነታት ከም ዘሎ ዘተንብሁ ናይ መድያ ሓበሬታታት ስለ ዘለዉ፡ ሓቅነት ኣለዎዶ? ከምኡ’ውን ኣብ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝመጸ ሓድሽ ምዕባለታት ኣሎዶ?**

ከምኡ ዝበሃል ነገር የለን። ወያነ ክሳብ ትጠፍእ ከምኡ ክትሓስብ ትኽእል’ያ ክትብል ኣይትኽእልን። ናይ “PR” (ህዝባዊ ርክባት) ብልጫ ክርከብ ይከኣል’ዩ ተባሂሉ ዝግበር ዘሎ’ዩ። “ውሳነ ኮምሽን ዶብ ተቐቢልናዮ ኢና፣ “ዲያሎግ” (ዘተ) ኢና ንደሊ ዘለና፡ ንዑ ሸምግሉና፡ ዕረቑና እናተባህለ ኣብ’ዛ ዓለም ዳርጋ ዘይተዃሕኰሖ ማዕጾ የለን። ንሕና ድማ በዚ ናስትሮ ረብሪብና ኢና። ቀደም ከተገርሁና ትሓስቡ ነይርኩም ትኾኑ ዳርጋ ረብሪብና ስለ ዝኾንና ክንጋገ ኣይንኽእል ኢና፣ ምባል ጥራይ’ዩ። ሓደ ሓደ እዋን የደንግጹኒ እዮም። ስለምታይ’ዮም ግዜኦም ዘጥፍኡ ዘለዉ? ንመን ከጋግዩን ክቕሽሹን እዮም ግዜኦም ዘጥፍኡ ዘለዉ? ሓንሳብ ንብዓት ሓርገጽ ትነብዕ፣ ሓንሳብ ትማሻሽን፡ ትቑዝም. . . እዚ ኩሉ ንዓና ንምስይጣንን ንሳቶም መልኣኽቲ ንምምሳልን ዝገበርዎ ፈተነ’ዩ። ስለ’ዚ ግዜና ኣብ’ዚ እንተዘየጥፋእና ይሕሸና እየ ዝብል። ገለ ተስፋ ኣለዎ፡ ከም’ዚ ኰይኑ ከም’ዚ ተባሂሉ ዝብል ህውተታ ተዘይሰማዕናዮ ይሓይሽ። ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዘለዉ ኤርትራዊ ከም’ዚታት ኣሎ ኢሉ ክሓስብ የብሉን።

**ክቡር ፕረዚደንት ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን፡ ኣምባሳደር (ሄርማን) ኮሀን ዝምድና ኤርትራን ኣመሪካን ናብ ንቡር ክምለስ ኣለዎ ዝብል ርእይቶ ሂቡ ነይሩ። ካልኦት ድሕሪኡ ዝሰዓቡ’ውን ኣለዉ። ኣናብባ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ወረቓቕቲ ወይ ጽሑፋት እንታይ እዩ? ንመርገጺ መንግስቲ ኣመሪካ ዝውክል ድዩኸ?**

ንኤርትራ ካብ ቁሪ ከነውጽኣ ኢና ዝዓይነቱ ዘረባታት’ዩ። ግና ቁሪ ኣብ ሓንጎሎም ድዩ ዘሎ ወይስ ኣብ’ዚ!!? እቲ ቋንቋ ንገዛእ ርእሱ’ውን ዘስደምም’ዩ። ብምልክታዊ ኣዘራርባ’ሞ ከም’ዚ ኤርትራ ግዳም ሓዲራ ዘላ፡ ‘ገዛ ከነእትዋ ኢና’ ዝመስሉ’ዮም እቶም ትሕዝቶታት። ኣብ ሶማል ናይ ኣልሸባብ ባዕላቶም ብዝፈጠርዎ ገበን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ተፈጺሙ። እዚ ዓቢ ገበን’ዩ። ጭብጥታት ዘይብሉ መርትዖ ዘይብሉ ንኻልእ ዕላማ ኢልካ ብዝፈብረኽካዮ ሓሶት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ከምኡ ዝበለ ውሳነ ክትወስድ ዘሕንኽ እዩ። ሕጂ እቲ እገዳ ምስ ሓለፈ፡ ‘ድሕሪ 2009 ግን ጠባይ ገይራ ኣላ’ እናበልካ ከተማሳምስ! ባዕልኻ ብዝፈብረኽካዮ ክሲ፡ ባዕልኻ ምስክር፡ ባዕልኻ ፈራዲ፡ ባዕልኻ ቀጻዒ ኰይንካ ሃገርን ህዝብን እናበደልካ ሎሚ ዝምድና ከነመሓይሽ፡ ኤርትራ ከኣ ካብ ቁሪ ክትወጽእ እያ፡ ኣብ ፋርኔሎ ወይ ኣብ መጋርያ ሓዊ

ክትስሕን ክትጅምር እያ. . . እንታይ ማለት'ዩ!? ካልእ ኣርእስታት ገዲፍና ሓደ ካብ'ቲ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ዘረባ እዚ እዩ። ብዓሎቕ ኣብ ልዕሊ ሓደ ሃገርን ህዝብን ክትብድል ኣይትክእልን ኢኻ። ክንድ'ዚ ዝኣክል መንእሰይ ካብ ዓዱ ተባሪሩ ንኽሓድር ዝፈጸምካዮ ገበን በየናይ ፍትሒ እዩ ክረአ! እዚ ከይተፈትሐ ብዛዕባ ምምሕያሽን ዘይምምሕያሽን ዝምድና ምዝራብ ትርጉም የብሉን። ከም ኣብነት ድማ "'ናይ ኤርትራ ዕድል ምስ ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰረ'ዩ' ኢሉ ፕረዚደንት" ይብል ንሱ። 'መኣስ መዓልቲ'የ በል ከምኡ ተዛሪቢ. . . ! ብፍጹም ክሓስቦ'ውን ኣይክእልን'የ። እቲ ቋንቋ፡ ኣቀራርባኡን ግዜኡን ኣዛሚድካ ክትርእዮ ከለኻ፡ ምህውታት ጥራይ ኰይኑ'ዩ ዝረኣየኒ። ብዛዕባ ምምሕያሽ ዝምድና ኤርትራን ኣመሪካን ክዝረብ እንተ ኾይኑ፡ በዓል መን ይውስኑ ኣይኰነን'ቲ ሕቶ። እቲ ክመሓየሽ ተደልዩ ዘሎ እንታይ እዩ? በየናይ መለክዒታት? ዝብል ቀንዲ ነገር ክምለስ ኣለዎ። ኣብ'ዝን ኣብ'ዝን ነመሓይሽ እንተ ተባሂሉ ኣብ ትሕዝቶ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ከም'ዚ ዝበለ ሃውታቲ ዘረባታት ግን ምስ ንፋስ ምቅድዳም'ዩ። ስራሕ ዝሰኣኑ ኣብ ኢንተርነት ዝጽሕፉ ኣለዉ። ነዚኣቶም እናሰማዕካ ሓንቲ መበገሲ ሒዝካ ትህውትት። ኣብ ናይ ወያነ ናይ ፒኣር ጸወታ ግዜና እንተ ዘየጥፋእና ይሓይሽ። ንኣታቶም እውን ግዜኹም እንተ ዘየጥፋእኩም ይሓይሽ ንብሎም።

**ምስ ዞባዊ ጉዳያት ዝተኣሳሰር፡ ደቡብ ሱዳን ናጽነታ ካብ እትጎናጸፍ ክልተ ዓመታት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ናብ ኲናት ሓድሕድ ኣምሪሓ ኣላ። እንታይ እዩ እቲ ጸገም? መርገጽን ርእይቶን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኣፈታትሓ ናይ'ዚ ጉዳይ እዚኸ?**

መርገጺና ናይ ጸሊምን ጻዕዳን'ዩ። እዚ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ደቡብ ሱዳን ዝዝረብ፡ ብዙሕ ትሕዝቶ ዘለዎ ጉዳይ ኣይኰነን። (ሬክ) ማቻር ኣብ'ቲ መስርሕ ክሳብ ሕጂ ከም'ዚ ኢሉ ምጽንሑ'ውን ዘገርም ነገር'ዩ። ድሕሪ ናጽነት ጉዳይ ደቡብ ሱዳን ኣብ ዝተቐልቀለሉን ንሕና ብቐጥታ ክንዋሳእ ኣብ ዝጀመርናሉን፡ ብፍላይ ኣብ ፍርቂ ናይ 90ታት ጆን ጋራንግ 'መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ደቡብ ሱዳን ብሓድነት ጥራይ'ዩ ዝፍታሕ' ክብል ከሎ፡ ማቻር 'ብጀካ ናጽነትን ብመሰል ርእሰ ውሳነ ምፍላይን ካልእ ኣየድልየናን' ብምባሉ፡ ሽዑ ብኽልተ በበይኑ መስመር ከይዶም። ናይ ማቻር ስስዐን ጸቢብ ኣተሓሳስባን ክትልክዖ'ውን ኣይትኽእልን። ማቻር ድሕሪ ቁሩብ ናብ ካርቱም ብምኻድ "ሰላም ካብ ውሽጢ" (peace from within) ትበሃል ጭርሖ ሒዙ ቀሪቡ። ዘሕንኽ ምግልባጥ እዩ። እዚ ጸገም ድማ ጋራንግ ከሎ ዝጀመረ እዩ። ኣብ ውሽጦም ክፈትሕዎ ምተገበአ። ግን ኣዝዩ ሓደገኛ ኣንፈት ሒዙ'ዩ ኽኸይድ ጸኒሑ። ዋና ናይ'ዚ ሕጂ ዘሎ ጸገም ግን ስርቂ ገንዘብ'ዩ። ክንደይ ሰባት ክንደይ ከም ዝሰረቑ ዝርዝራቱ ሓደ ብሓደ ኣሎ ኣብ ቦታኡ።

ኣብቲ ናይ 5 ዓመታት ናይ መሰጋገሪ እዋን ውዕል ዝነበረሉ፡ ብቢልዮናት ዝቖጸር ናይ ነዳዲ ኣታዊ ገንዘብ ደቡብ ሱዳን ተሰሪቡ። ንሓሙሽተ ዓመታት ካብ ጁባ ህዝቢ ደቡብ ሱዳን እናሰረቑ ኣብ ናይ ደገ ባንክ ሕሳባቶም ከቕምጡ ጸኒሖም። ካብ ህዝቢ ደቡብ ሱዳን እናሰረቑ ኣብ ደገ ኣቐሚጦሞ ዘለዉ ንብረት ክትዛረበሉ'ውን ዘሕፍር'ዩ። ሃገር ምህናጽ ቀሊል ኣይኰነን። ኣብ ዓመት ክልተ ዓመት ሃገር ክትሃንጽ'ውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ግና እቲ ጸገም ንሱ ነይሩ እንተ ዝኸውን ኣይመጸገመን። ዝዓበየ ሽግር ናይ ደቡብ ሱዳን ብፍላይ ኣብ መሪሕነት ናይ SPLM (ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን) ስርቂ'ዩ። ንሳቶም ጥራይ ዘይኰኑ ከኣ መሻረኽቲ፡ ምስኦም ዝሰርቁ ኣለዉዎም። እቲ ገንዘብ ኣበይ ከም ዝጠፍአ ፍሉጥ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ቀጻሊ ህቀናታት ክካየድ ጸኒሑ። ስርቂ መመሊሱ ክውስኽ ጸኒሑ። ሃገር ናይ ምህናጽ ቅርጻዊ ጸገማት እናሃለዉኻ፡ ምስኡ ከኣ ብልሽውና ወይ "ኮራፕሽን" ኣትዩ ነቲ ዓዲ ብትንትን ከብሎ ከሎ ናይ ብሓቂ ዘሕዝን እዩ። ህዝቢ ደቡብ ሱዳን፡ ካብ ካልእ ህዝብታት ዝተፈለየ ናይ ነዳዲ ጸጋ ረኺቡ ኣብ ሓጺር ግዜ ሂወቱን ናብርኡን ከመሓይሽ'ዩ እናተባህለ፡ ኣብ'ዝን ክልተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ከም'ዚ ዝበለ

ኣበሳ ክወርድ ገበን'ዩ። ነቲ ሽግር ክፈትሑ ምስ ዓረቕትን ሽምገልትን ኰይኖም ገሊኦም መሳርቕቶም ገሊኦም ድማ ኣብ ምዝራግ ኢዶም ዝሓወሱ ኰይኖም ላዕልን ታሕትን ኢሎም፡ ኣብ መወዳእታ ዘዝሰረቑ ገንዘብ ህዝቢ ክመልስ ስለ ዘይክእል መጠንቐቕታ ይወሃቦም ተባሂሉ። እቶም ዝሰረቑ ሰሪቕካ ንኽይበሃሉን በይኖም ንኽሕተቱን ነተን ቀቢላታት መሓከሊ ገይሮመን። ብኸም'ዚ እዚ ኑቑር እዚ ኣኻዋክ . . . እናበሉ ህዝቢ ክገዛዝዕዎ ጀሚሮም። ስለ'ዚ እቲ መሰረታዊ ጸገም ናይ ብምሉኡ ደቡብ ሱዳን ስርቂ እዩ። "ኮራፕሽን" እዩ። ድሕሪኡ ግን ንዕኡ ንምትልባብ ነቲ ሽግር ካልእ ስም ይወሃቦ። ናትና መርገጺ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ንጹር'ዩ። ዝኾነ ይኹን እቲ ጉዳይ ናይ ውሽጢ ናይ ውሽጦም'ዩ። ሃገር ምህናጽ ግን ቀሊል ኣይኮነን። ንሕና ንህዝቢ ደቡብ ሱዳን ዝገበርናዮ ደገፍ እንተድኣ ኣሎ፡ ናይ መሰል ርእሰ ውሳነ መሰሉ ክዕቀበሉን ምስ ሱዳን ሓደ ኰይኑ ክነብርን ክሳብ መወዳእታ ሃሊኽና። ንሕና እንግድዶ ነገር ስለ ዘይኮነ ግን ምርጫኦም ኰይኑ ረፈረንደም ተገይሩ ናጽነት መሪጾም። ናጻ ሃገር ምስ ኰኑ ከኣ፡ እቲ መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ ናይ ጻጋታቱ ተሻራኺ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ እምበር፡ ሃብቲ ናይ ሃገር ኣብ ሰለስተ-ኣርባዕተ ሰባት ክኣቱ ነውሪ'ዩ። እቲ ህዝቢ ስለምንታይ ድዩ ተጋዲሉ፡ መስዋእቲ ከፊሉ፡ ምስኦም ደው ኢሉ? ንሕናውን ምስኦም ደው ኢልና፡ ኣብ መወዳእታ ግን ከም'ቲ እንደልዮ ኣይከደልናን። እቲ ምፍላይ ናቶም ምርጫ እዩ። ግና እቲ ህዝቢ ክጥዕሞ ነይርዎ። መን እንታይ ሰሪቑ ይሕተት። ዋና ነገር ግን እቲ ናይ ምህናጽ መስርሕ ክቕጽል ክኽእል ኣለዎ። ሃገር ናይ ውልቀ ሰባት ኣይኮነን። መንግስቲ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ካብ'ዚ ወጻኢ ናብ ምብትታንን ኲናት ሓድሕድን እንተድኣ ኣቲኻ ክሳራ እዩ። ሕጂ ብዛዕባ ኢጋድን ዝተፈላለዩ ወገናትን ዝግበር ኮለል መጥፍኢ ግዜ ጥራይ'ዩ። ዳርጋ ቢዝነስ'ዩ። ቅልውላዋት ኣብ ኣፍሪቃ ቢዝነስ ኰይኑ ኣሎ። እዚ መንግስቲ እዚ ብእግሩ ደው ክብል ኣለዎ። ምጥፍፋእ እንድሕሪ ኣሎ ክዕገት ክኽእል ኣለዎ። ዝሕተቱ ሰባት ተለልዮም ክሕተቱ ኣለዎም ደኣ'ምበር፡ ብናይ ቀቢላታት ኲናት ክሕመስ የብሉን ህዝቢ ደቡብ ሱዳን። ኣብ ደገ ኮፍ ኢልካ፡ ናይ ባንኪ ሕሳባትካ ኣብ ደገ ኣቐሚጥካ፡ ስድራኻ ናብ ደገ ኣህዲምካ ብሪሞት (ብርሕቀት) ህዝቢ ነንሕድሕዱ ከተቃትል - በየናይ መሰልን ፍትሕን ኢኻ ከምኡ ትገብር! ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ቅቡል ኣይኮነን።

እዚ ኩነታት ንዕስራ ዓመታት ኣብ ውሽጡ ኺይንና ዝተሞከርናሉ ስለ ዝኾንና ንዓና ሓድሽ ኣይኮነን። ትማሊ ንብረት ህዝቢ ይሰርቁ ነይሮምስ ሕጂ ደሞክራሲ ከም'ዚ እንተኾነ ይሓይሽ፣ ስርዓት ከም'ዚ እንተ ኾነ ይሓይሽ እናበልካ ዓይኒ ሰብ ክትደፍን! ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ቅቡል ኣይኮነን። ዓውዓው ኢልና ኣብ ዘየድልየና ጉዳያት ኣይንኣቱን ኢና። ግና መንግስቲ ክድገፍ ኣለዎ፣ ክረጋጋእ፣ ካብ ምቁጽጻር ወጻኢ ንኸይከይድ ክልካዕ ኣለዎ። ዕልቕልቕን ምትእትታውን ናይ ደገ ሓይልታት፡ ክትሰርቕ ከም ዘይጸናሕካ እናተመጻደቕካ ነቲ ኩነታት እናመዝመዝካን ሕጂ ከም ዓራቕን ኣራምን ክትከውን እንተደለኻ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ከተጋጊ ኣይከኣልን እዩ። ንሕና ብውሑዱ እቲ ዓዲ ምእንቲ ክረጋጋእ ናይ ሕልና ሓላፍነት ካብ ምግባር ዓዲ ኣይንውዕልን። እቲ ህዝቢ ክህሰ የብሉን። ካብ ደገ ዝግበር ምትእትታው እንተ ሃልዩ ከኣ ቅድም ቀዳድም ናይ'ቲ ዓዲ ውሽጣዊ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ክሰርሕ ኣለዎ። ነቲ መንግስቲ ጸገሙ ንኽፈትሕ ዝከኣሎ ደገፍ ሂቡ፡ ዝሕተቱ ሰባት፡ ኣብ ቅድሚ ሕግን ፍትሕን ክሕተቱ ክኽእሉ ኣለዎም እምበር ናይ ቀቢላታት ሽግርን ምንቋትን ከም ዘሎ ኣምሲልካ ነቲ ጉዳይ ክትዕብልኾ ወይ ክትጉልብቦ ምፍታን ንዝኾነ ሰብ ክጋጊ የብሉን' ኢና ንብል ዘለና።

.

**ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ዝምድና ኤርትራን ሪፓብሊክ ሱዳንን ኣቐዲምካ ብዛዕባ ናይ ኤለክትሪክ ትንክፍ ኣቢልካ ኔርካ። ብዘይካኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ናይ ምትሕግጋዝ ስምምዓት ክኸተሙ ጸኒሖም እዮም። ዝምድና ሱዳንን ኤርትራን ልክዕ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ከመይ ኩነታት ኣሎ? ንመጻኢኸ ኣመታቱ ከመይ ይግለጽ?**

ንሕና ሓድሽ ፖሊሲ ኣለና ክንብል ኣይንኽእልን። እዚ ጉርብትና'ዚ ካብ ቅድሚ ናጽነት ኣትሒዙ፡ ንሕና ዝፈጠርናዮ ኣይኮነን። ንሕጅን ንመጻኢን ወለዶታት ዝጸንሕ ጉርብትና'ዩ። እዚ ጉርብትና እዚ ከኣ ንዓናን ንህዝቢ ሱዳንን ጥራይ ዘይኮነ ንንደቦና'ውን ኣገዳሲ ኣበርክቶ ክገብረሉ ክኽእል ኣለዎ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ናይ ክልቲኦም ህዝብታት ረብሓ ዝሕሉ ናይ ምምልላእ ጉርብትና እዩ ክኸውን ዘለዎ። እዚ ኣብ ኤለክትሪክ፡ ብናጻ ናይ ምእታውን ምውጻእን፡ ብዘይ ቪዛ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ቁጠባ ምትሕግጋዝ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንግድን ወፍርን ናይ ሓባር መደባት ኣውጺእካ ክትሰርሕ ምፍታን፡ ኣብ ዘባዊ ጉዳያት ሓቢርና ክንሰርሕ ምኽኣል ዝኣመሰሉ ክንወስዶም ዝጸናሕና ተበግሶታት ጽቡቕ ሃዋሁው ፈጢሮም ኣለዉ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። እናተጠራጠርካን ንሓድሕድካ እናተሰከፍካን ክትከይድ ኣጸጋሚ ስለ ዝኾነ፡ ብውሑዱ ኣብ'ቲ ንዓናን ንዓኣቶምን ዘርብሕ ምድግጋፋት ጽቡቕ ድልየትን ምትእምማንን ክሕድር ይኽእል። ካብ ሱዳንን ዝተፈላለየ ከባቢታትን ብዙሕ ጸገማት'ዩ ዘሎ። ናይ ደቡብ ሱዳን፡ ዳርፉር፡ ምብራቕ ሱዳን፡ ብሉናይል፡ ኩርድፋን ማእለያ ዘይብሎም ጸገማት ኣለዉ። እዚ ናይ ውሽጦም ስለ ዝኾነ፡ እዚ ይኹን እቲ ክንብል ኣይንኽእልን። ግን - እቲ ኣብኡ ዘሎ ምዕባለታት ብዝተፈላለየ መንገዲ ነዓና'ውን ስለ ዝጸልወና ከም ኣብ'ዞም ጉዳያት እዚኣቶም ከም መሻርኽቲ ንተሓጋገዝ። ምስ ግዜ ኣረኣእያና እናተነጸረ፡ እቲ ጽቡቕ ድልየት ከኣ ካብ ስምዒት ናብ ተጨባጢ ፖሎቲካዊ እምነት እናተሰጋገረ ከይዱ። ሕጂ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። ናብ ተጨበጥቲ ናይ ምትሕግጋዝ መደባት ክትቅይሮም ቀሊል ስለ ዘይኮነ ግን ግዜ ዝወስድ'ዩ። ብጥንቓቐን ብዘይታህዋኽን እናጽናዕና ከነደልድሎምን መሰረት ኣንጺፍና ናብ ዝለዓለ ንኽንከይድን ጽቡቕ ሃዋህው ክንፈጥር ክኢልና ኣለና ንብል።

ምስ ጎረቤትና ጽቡቕ ኣለና ክንብል ከለና፡ ንቀልዓለም ንPR ዘይኮነስ ኣብ ተጨበጥቲ ነገራት ምምልላእ ንምግባር እዩ። ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝፍረሙ ፕሮቶኮላት ማእለያ የብሎምን። ኣብ ባይታ ዝተተግበረ ዝኾነ ይኹን ነገር ግን ኣይትረክብን ኢኻ። ብሰንኪ ዝጸንሐ ኣተኣላልያታት ጉዳያት ሱዳን ኣብ ውሽጢ'ዚ 25 ዓመታት ካብ ሽግር ናብ ሽግር እዩ ክኸይድ ጸኒሑ። ንዓና ቅድሚ ዝኣገረ ዘገድሰና ከኣ ርግኣት ሱዳን እዩ። ጉዳያት ሱዳን ኣብ ውሽጢ ሱዳን ክፍትሑ ክኽእሉ ኣለዎም። እቲ "ተድዊል" (ምእህጓር) ዝበሃል ማለት ናይ ደገ ፍትሓት ክትረክብ መመሊስካ ሓላላኺ ረቛሒታት ኣብ ውሽጥኻ እናእተኻ ዝፍጠር ዘሎ ጸገማት፡ ስኽፍታ ዝፈጥረልና'ኳ እንተኾነ ኣብ ጉዳዮም ኢድና ክነእቱ ኣይንደልን። ግን ብቐጻሊ ምስኣቶም እናተመኻኸርና ንሰርሕ።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኤርትራ ወላ'ኳ ሰብ ኣየስተብህለሉ፡ ኣብ ንጡፍ ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታት ጸኒሕ'ያ። ነዚ ንጥፈታት'ዚ ንምድራዕን ዝያዳ ንምዕዛዝን ኣብ 2014 እንታይ ዝተታሕዘ መደብ ኣሎ ድዩ?**

ኣይንገልጾን ኢና'ምበር ዓበይቲ መደባት ኣለዉና። ጎደቦኻ ምንባብን ግዜ ጽቡቕ ገይርካ ምርኣይን ኣገዳሲ'ዩ። ብደረጃ ዓለም ዝመጽእ ዘሎ ለውጥታት ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ብስምዒት ዘይኮነ ብወግዓዊ መንገዲ ጽቡቕ ገይርካ ከተንብቦም ክትክእል ኣለካ። ምስኣቶም ከመይ ጌርካ ከም እትዋሳእ ድማ መንገድታት

ክትስእል ኣለካ። ኣብ ውሽጢ’ዚ ሰለስተ ዓመታት ጥራይ ብደረጃ ዞባና ዝተራእየን ዝረአ ዘሎን ለውጢ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ንሕና ድማ ከም ልኡማት ስቕ ኢልና ተዓዘብቲ ጥራይ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። ብካርታ ይኹን ብዘይካርታ ክጻልወና ይኽእል’ዩ። ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት - ዲፕሎማስያዊ መደባት ክትብል ከለኻ ነዚኦም ብጽቡቕ ከተንብቦም ክትክእል ኣለካ። እዚ ሕጂ ኣብ ጋዜጣታት ሓደ ዲፕሎማት ከም’ዚ ኢሉ፣ ሓደ ዓቢ ኣምባሳደር ከም’ዚ ኢሉ . . . ዝበሃል ዘሎ፡ ኣብ ውሽጢ’ዚ ዓለማውን ዞባውን ኩነታት ክንበብ ዘለዎ ኢዩ። ኣብ ክንዲ ኩሉ ግዜ “passive” (ልኡም)፡ ንጡፍ ዲፕሎማሲ ክህልወካ ኣለዎ። ምኽንያቱ ተጸባዪ ኣይትኸውንን። ብደረጃ ጎዶቦ ይኹን ዓለም ምስ ዝረኣዩ ሓደስቲ ምዕባለታት ዘወጻጽኣና ክንገብር ስለ ዘለና፡ ኣብ ክንዲ ብግብረ መልሲ ጥራይ ንሰርሕ ብንጽፈት ክንዋሳእ ኣለና። ኣብ’ዚ ከባቢና ጥራይ ብውሑዱ ማእከላይ ምብራቕ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ተፋሰስ ኒል ኣብ ነንሓድሕዱ ዝተኣሳሰረ’ዩ። እቲ ጎደቦና እንብሎ ሰሜን ኣፍሪቃ ነዚ ኣርባዕተ ክፋላት ዝሓዘ’ዩ። ብደረጃ ዓለምን ዞባን ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ከባቢታት’ዩ። ኣብኡ ንነብር ስለ ዘለና ብኸመይ ክንከይድ ኢና ዝምድናታትና ከመይ እዮም ክኹኑ፡ ብኸመይ ኢና ክንሰርሕ ኩሉ ዓው ኢልና ከይንዛረበሉ ንኽእል ኢና። ግን ሕሳብና ገይርና ንጸንሕ። ሕጂ ሰዓቱ ከይኣኸለ ኣይንዛረበሉን። ገለ ገሊኡ’ውን ክንዛረበሉ’ኸ የድልየና ድዩ? ዝብል ሕቶ ኣሎ። ገለ ገለ ምዕባለታት ንስኻ እተምጽኦም ዘይኮኑስ ቀስ እናበሉ እቶም ከባቢታት ባዕላቶም ዘምጽእዎም እዮም።

ኣብ 2014-2015ከ እንታይ ክመጽእ ይኽእል? ምስ’ቲ ምዕባለታትከ ከመይ ጌርና ንዋሳእ ድማ መንገድና ኣለና። ዝበዝሕ ግዜ ግን ክንዛረበሉ’ውን ኣይንደልን ኢና። ሕጂ መምስ ተቓልዐ ሰብ ከንብቦ ስለ ዝኽእል ንኣሰራርሓና ክግምት ይኽእል’ዩ። ብኣጠቓላሊ ግን ዳይናሚካዊ ዝኾነ ዓለማውን ዞባውን ምቅይያራት ስለ ዘሎ፡ ኣብኡ ብግቡእ ክንዋሳእ ክንክእል ስለ ዘለና፡ ተዳሊና ክንኣትዎ ኣለና ኢልና ንሰርሖ ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ምስ ግዜ ምናልባት ኣብ 2014 እቶም መደባት በብሰዓቶም ክግለጹ ይኽእሉ’ዮም።

**ክቡር ፕረዚደንቲ እዚ ቃለ መሕተት’ዚ ኣብ ጽንብል ስርሒት ፈንቅል እዩ ዝካየድ ዘሎ። ኣብ ዝኽርኻ ክሓተካ’የ። ዝኽርኻ ብዛዕባ እቲ ስርሒት ክተካፍለና፡ እቲ ስርሒት ከመይ ተወጢኑ? እቲ ውጥን ምስ ተዓወተ ብውልቂ ዝተሰመዓካ፡ ሎሚ ድሕሪ 24 ዓመታት ክትዝክሮ ከለኻኸ እንታይ ትብል?**

ናይ ፈንቅል ጥራይ ኣይኮነን። ሓደ ሓደ እዋንሲ “እንተ ዘይተነግረስ  ዝነግሮ ዛንታ ኣለዎ” - ዝተሰነደ እዩ ታሪኽ። ብፍላይ እዞም ፍጻሜታት ኲናት፡ ናይ ሰዓት ሰዓት ዝርዝራቶም ምዝጉብ እዩ። ኣብ’ቲ ሽዑ ዝነበረ መልእኽትታት ኢኻ ትረኽቦ። ኣብ መዓልቲ ዝሰጋገር መልእኽትታት ማእለያ የብሉን። ምስ ሓለፈ ትትንትኖ ዘይኮነስ ሓቐኛ “real time” ብግዜ መግለጺታት ስለ ዘለዎ ኣብኡ ተመሊስካ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ። ብዙሕ ግዜ ታሪኽ ዘይጻሓፍ  ንብል ኢና። እዚ ድማ ስኑድ እንተ ኾነ’ኳ ግዜ ምስ ሓለፈ ምናልባት ክትትርጉሞ ስለ ትፈታትን ካብ’ቲ ሓቂ ቅሩብ ትክትዘብል ስለ እትኽእል እዩ። ዋና ነገር ግን ምስ’ቲ ናይ ሓርነት ስትራተጂ ካብ ስትራተጅያዊ ምዝላቕ ማእለያ ዘይብሉ ሕልኽላኻት ሓሊፉ’ዩ። ንናጽነት ዝግበር ህልኽ’ዩ። ናይ 77 ፈተነ ናይ ባጽዕ ዓቢ ተመኩሮ እዩ ገዲፉ። ወጢንካ፡ ኩሉ ነገር ኣዋዲድካ፡ ተበጊስካ ትሰርሕ። ፈቲንካ ምኳን ምስ  ኣበየካ ተስፋ ምቁራጽ ኣሎ። ኣብ ታሪኽ ቃልስና ግን ፈቲንካ ምስ ኣበየካ ትሕይል። ሓደ ሓደ እዋን ምናልባት ደኾን  ፈቲነ እንተ ዘይፈሽልሲ ኣይምሰራሕኩን ነይረ’ውን ትብል። ምኽንያቱ ፈተነ ናይ ባጽዕ ቀሊል ኣይነበረን።  ብኹሉ ፈተነ ተገይሩ ኣይሰለጠን። እዞም ምዕባለታትን ተመኩሮን  ድማ ኣብ’ዚ ናይ ፈንቅል ምትእምማን ስለ ዝፈጠሩ ብዙሕ ሓጊዙ እዩ እብል። ግን ዓይነት ሰብ ከኣ ነይሩ። ክጽግመና ከሎ ዲና ንሕይል ወላን ድፉን ዓይነት (quality) ኣሎ! እቲ ሽዑ ዝነበረ ዓይነት ሰብ ግዜ ምስ ሓለፈ የጠራጥረካ’ዩ። እንታይ ዓይነት ሰብ እዩ ነይሩ ነይሩ! ከምኡ ዓይነት ተጻዋርነት፡ ተበላሓትነት፡ ታሪኽ ናይ ምስራሕ ሓይሊ ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ገሊኡ ዝተሰወአ ገሊኡ’ውን ዘሎ ታሪኽ

ዝሰርሕ ዝነበረ ዓይነት ሰብ፡ ኣብ ፉሉይ ኣጋጣሚታት ጥራይ ኢኻ ክትረኽቦ ትኽእል። ፈንቅል ከኣ ወላ እቲ ስም ንገዛእ ርእሱ ምፍንቃል ናይ መግዛእቲ ናይ መወዳእታ ማለት እዩ። ሓሳባት ተጨባጢ ንኽትገብር ግን ከምኡ ዓይነት ሰብ እቲ እዋን ጥራይ'ዩ ዘምጽኦ። ከምኡ ዝበለ ሰብ ክፍጠር ይኽእል ድዩ? ካበይ እዩ መጺኡ? ኣፈጻጽማ ዕዮኡ፡ ጽፈቱ፡ ኣወዳድባ ግዜኡ. . . ኣብ ዓዘቅቲ ናይ ጨው ኣቲዩ ዝዋጋእ እንታይ ዓይነት ሰብ'ዩ ከምኡ ክገብር ዝኽእል ክትፈልዮ ኣጸጋሚ'ዩ። ኩሉ ድማ ናይ'ቲ ሽዑ ተኣምራት ዝሰርሕ ዝነበረ ሰብ እዩ እቲ ምስጢር። ናይ'ቲ ሰብ ናይ ውሽጡ ሓይሊ ክትገልጾሉ እትኽእል መንገዲ ናይ ብሓቂ ከቢድ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ቅያታት'ዩ ሰሪሑ። ሓደ ካብኡ ስርሒት ፈንቅል'ዩ። ብፍላይ ከኣ እቲ መንእሰይ። ሕጂ'ውን ሓደሽቲ ቅያታት ኣብ ምፍጻም'ዩ ዝርከብ። በዚ ኣጋጣሚ እንታይ ክትብሎ ትደሊ።

እዚ ሕጂ ዘለናዮ ዓመተ 2014 ካብ 2013-2012 ዝተፈለየ'ዩ። ናይ'ዚ ዓመት'ዚ መፈለሚ ዘሎ ትዕዝብቲ ሓቐኛ ባህሪ ናይ'ቲ ህዝቢ ይምለስ ኣሎ ክትብል ትደፍር። "cycle" (ዑደት ፍጻመታት) ወይ ታሪኽ ብምግምጋም ክትብሎ ትኽእል፡ ኣብ'ቲ ብዕድመ ዝደፍኣን ዝተሞከረን ሓድሽ ከይከውን ይኽእል፡ ብፍላይ መንእሰያት ምስ'ቲ ቅድሚ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ዝነበረ መህውተቲ ዘመተታትን ሸርሒታትን ናብ ደገ ምኻድ ሕጂ ብሙሉኡ ተቐይሩ'ኳ እንተዘይተባህለ ዝግ ኢሉ'ዩ። እቲ ብልጭልጭ ዝብል ሓደ ክልተ ገዲፍካ ናይ ብሓቂ ናብ ንቡር ይምለስ ኣሎ። ኣብ ገለ ገለ እዋናት ብቐጻሊ ሸርሒታት ዘጋጥም ብድሆታት ምንቅናቕ ወይ ድኻማት ዝመስል ባህርያት ይረአ እዩ። ግን እዚ "cycle" እዩ። ሕጂ ብፍላይ ኣብ መንእሰያት ናብ ንቡር ገጹ ይኸይድ ኣሎ። ኣነ ክርእዮ ከለኹ እቲ ዓይነት (quality) ናይ'ቲ ህዝቢ ፈጺሞም ኣይጠፍኡን'ዮም። ናይ ቅድሚ ሕጂ ቅያ ሰሪሑ እንድዩ፡ ሕጂ'ውን እቲ ህዝቢ ቅያ ይሰርሕ እዩ። ህዝቢ ማለት ከኣ መንእሰይ እዩ። እቲ መንእሰይ ዝኣኽሎ ተማሂሩ፡ ፈሊጡን ርእዩን ኣሎ። እቲ ኩሉ ሸርሒታት መዓልቱ በሊዑ እናበለየ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ እዚ ህዝቢ ኣውራ ከኣ እቲ መንእሰይ ንሰብ ዘስደምም ብዝሕ ነገር ክገብር ኣብ ድርኩኺት ኣሎ እየ ዝብል።

ክቡር ፕረዚደንት እዚን ካልእ ተወሳኺ ሕቶትታ'ውን ነይሩና። ሕጂ ግን ከይነውሕ ንሎሚ ኣብዚ ክንውደእ ኢና። ነዊሕ ኣብዘይኮነ ግዜ ዜጋታት ብሕቶታት ዝሳተፍሉ ካልእ ዕድል ክትህበና ተስፋ ንገብር። ስለቲ ዝሃብካና ሓበሬታ ብስም ኩሎም ተኸታተልቲ ነመስግን የቀንየልና።